# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 26 ዓመት ቁ. 307 | ዓርቢ 25 ነሓሰ 2017 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ስደትን ሸበራን ዘተኣሳስር ክትዕ ኣብ ኤውሮጳ..?



ገጽ 3
ትርግታ ልብና ብኸመይ ንቕምር?



ገጽ 5
ሕቢ
ምድምዳም መርዓን ኣገደስቲ ረቛሒታት ንሕጋወነት…


ገጽ 6
ኤርትራዊ ማሕበር…



ገጽ 9
ቭሌታ ስጳኛ



## ማእከል - 90 ሚእታዊት ዓድታት ኣገልግሎት መጓዓዝያ ይረኽባ



ህዝባዊ መጓዓዝያ ዞባ ማእከል፡ ን90 ሚእታዊት ዓድታት ናይ'ቲ ዞባ ቀጥታዊ ኣገልግሎት ከም ዝሀብ፡ ነበርቲ ናይ'ተን ዝተረፋ እውን ናብ ቀንዲ መስመር ብምምጻእ ኣገልግሎት ከምዝረኽቡ፡ ኣካያዲ ስራሕ ናይ'ቲ ትካል ኣቶ ክብሮም ሰጊድ ሓቢሩ።

እተን ቀጥታዊ ኣገልግሎት ዘይረኽባ ዘለዋ ዓድታት፡ ብሰንኪ ኣቀማምጣአን ኣውቶብሳት ክኣትዋአን ስለዘጸግም ምኽንያት ጠቒሱ ድማ፡ እቲ ናይ ጽርግያ ጉዳይ ምስ ተፈትሐ ቀጥታዊ ኣገልግሎት ክረኽባ ከምዝኽእላ ገሊጹ።

ህዝባዊ መጓዓዝያ ዞባ ማእከል፡ ኣብ 30 ኪሎ-ሜተር ሰንጣቒት ኣብ ዝዘርግሐ 27 መስመራት ዝመላለሳ - ኣስታት 60 ኣውቶብሳት ከምዘለዋአ ዝጠቐሰ ኣቶ ክብሮም፡ መዓልታዊ ኣስታት 10 ሽሕ ኪሎ-ሜተር እናሸፈነ ንኣስታት 130 ሽሕ ተሳፈርቲ ካብን ናብን ከም ዘመላልስ፡ እዚ ድማ ዓመታዊ ክሳብ 48 ሚልዮን ከምዝበጽሕ ኣብሪሁ።

"ኣብ ግዜ በዓላትን ሰንበትን፡ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ዞባ ማእከል ንቑጽሪ ዘዋፍረን ኣውቶብሳት የጉድለን'ዩ" ንዝብል ቅሬታ ህዝቢ ብዝምልከት፡ እቲ ምኽንያት ኩነታት ጥዕናአን ንምፍላጥን ንምጽጋንን እኹል ግዜ ንምርካብ ምኽንያት ዝሓበረ ኣቶ ክብሮም፡ ኣባላት እውን ከም ካልኦት ሰራሕተኛታት መንግስቲ ማሕበራዊ ሂወቶም ከሳልሉ ስለዘለዎም፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ፍሉጥ ዕረፍቶም፡ ንስራሕ ብዘይሃሰ ኣረኣእያ ከም ዝግበረሎም ኣረዲኡ።

ንታሪፍ ብዝምልከት፡ ዝሸፈን ኪሎ-ሜተር ኣብ ግምት ብምእታው ብሚኒስትሪ መጓዓዝያን መራኸቢታትን ዝተሰልዐ ምኽኑ፡ ተመሃሮ ድማ ፍርቂ ዋጋ ከምዝኸፍሉ ብምሕባር፡ ተገልገልቲ ንዝተመደባሎም ኣውቶብሳት ክከናኸንወንን ብግቡእ ክጥቀሙለንን ተላብዩ።

## ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ኣሰላሲሎም

ኣብ ጀርመንን ስዊዘርላንድን ዝነብሩ ዜጋታት፡ ባህሎም ንምንጽብራቕን ስድራ-ስውኣት ንምሕጋዝን ዝዓለመ መደባት ኣሰላሲሎም።

ብመሰረት'ቲ ሓበሬታ፡ ኣብ ጊሰን - ጀርመን ዝቕመጣ ኣባላት ሃገራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ብምምሕዳር'ታ ከተማ ኣብ ዝተወደበ፡ ማሕበረ-ኮማት ዝተፈላለያ ሃገራት ኣብ ዝተሳተፍዎ ዓመታዊ ባህላዊ በዓል፡ ንባህልን ልምድን ህዝብን ዘላሊ ትሕዝቶ ኣቕሪበን።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ብዙሕነት ህዝቢ ኤርትራ ዝዘሎ ጽባቐ፡ ሰላምን ወሀደትን ዝገልጽ ትሕዝቶ ዘለዎ ጽሑፋት እውን ንተሳተፍቲ ተዓዲሉ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ጀኒቫ 3600 ዶላር፡ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ከተማ ፍሪቡርግ 1820 ዶላር፡ ኣብ ሶሎቶን ዝቕመጡ 3 ዜጋታት ብተመሳሳሊ 1686 ዶላር - ንመጠወሪ 19 ስድራ-ስውኣት ክውዕል ኣበርኪቶም።

ብዘይካ'ዚ፡ ማሕበረ-ኮማት ኤርትራውያን ኣብ በርን፡ ኣርጋው፡ ባዝል፡ ሉዘርን፡ ዙሪኽን ቤንን፡ ከምኡ'ውን ኣባላት መንእሰያት ህግደፍን ካልኦት ግዱሳት ዜጋታትን ካብ ሶሎቶን፡ ብድምር 19 ሽሕን 659 ስዊስ ፍራንክ፡ ንማሳሰዪ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ወፍዮም።

## ጽርግያ ከረን - ሓልሓል - ኣስማጥ 60 ሚእታዊት ተሰላሲሉ

ካብ ወርሒ ጥሪ 2017 ኣትሒዙ፡ ናይ ምግፋሕን ምጽጋንን ስራሓት ዝካየደሉ ዘሎ ጽርግያ ከረን - ሓልሓል - ኣስማጥ፡ 60 ሚእታዊት ተሰላሲሉ።

በዚ ብኩባንያ ህንጻ ሰገን ዝካየድ ዘሎ ስራሕ፡ ዛጊት 71 ኪሎ-ሜተር ካብ'ቲ 120 ኪሎ-ሜተር ከም እተዓመ፡ ነቲ ስራሕ ዝከታተል ዘሎ ኣባል'ቲ ኩባንያ ኣቶ የናስ ሃይለማርያም ሓቢሩ።

እቲ ብማሽነሪታት ተሰንዩ ዝካየድ ዘሎ ስራሕ፡ ጸቢት ዝበሮ ቦታታት ምግፋሕ፡ ጥውይዋይ ዝበዝሖ ብሓድሽን ትኽ ዝበለን ምቕያር፡ ምሩጽ ሓመድ ምንጻፍ፡ ከምኡ'ውን መእለዪ ውሕጅ ምስራሕ የጠቓልል።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ዓሊ ማሕሙድ፡ ንመስርሕ ህንጻቱን በጺሑዎ ዘሎ ደረጃን ድሕሪ ምዕዛብ፡ እቲ ቀንዲ ዕላማ፡ ህዝቢ ውሑስን ስሉጥን ኣገልግሎት መጓዓዝያ ንክረክብ ስለዝኾነ፡ ምምሕዳራት ከባቢ ውዳቤታተን ኣሐዩለን ኣበርክቶአን ከዕዝዛ ኣዘኻኺሩ።

ጸሓፊት ህግደፍ ዞባ ዓንሰባ ወይዘሮ ኣሙተ ንገሰ እውን፡ እቲ መስመር ኸባታትን ሰንጭሮታትን ዝበዝሖ ብምኳኑ እቲ ዕማም ክብደት'ኳ እንተለዎ፡ ኩባንያ ህንጻ ሰገን ብዝጥቀመሉ ዘሎ ጥቡዕን ብልሓትን፡ እቲ ስራሕ ኣብ ሓጺር እዋን ክዛዘም ዘለዋ እምነት ገሊጻ።



ስ/ ሃብቶተገርግሽ ተስፋማርያም

## ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ ምርጫ ኣመሓደርቲ ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ - ምምሕዳራት ከባቢ ኩሉንተባይ፡ ዋካይ፡ ማእከል ምምሕዳር ፎርቶ፡ ግርማይካን ፈዳዳብን፡ ብ15 ነሓሰ ምርጫ ኣመሓደርትን ኣካየድቲ ስራሕን ተኻዪዱ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ ኣቶ ኣቡበከር ማሕሙድ፡ ነቶም ሓደስቲ ዝተመርጹ ኣመሓደርቲ ከባቢ ሰናይ ምንዮቱ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ዓሌት፡ ርብዒ፡ ታማራት፡ ኣዲባራን ሆሚብን ተመሳሳሊ ምርጫታት ክካየድ መደብ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ሓደስቲ ዝተመርጹ ኣመሓደርቲ ኣብ ዝሃብዎ ቃል፡ ኣሚኑ ንዝመረጾም ህዝቢ ብእምነት ንምግልጋል ዘለዎም ቅሩብነት ኣረጋጊጾም።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ - ነበርቲ ሓውሲ ከተማ ፎርቶ፡ ማይን ሓመድን ንምዕቃብ ወፈራዊ ማእቶት የካይዱ ከምዘለዉ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣረዲኡ።

# ኣህጉራዊ ጉዳያት

ታደስ ተኽለ

ኣብ ግዝኣት ካታሎኒያ- ስጳኛ፡ ዝሓለፈ ቅንያት ኣብ ክልተ ከተማታት ኣድራጋ ሽበራዊ መጥቃዕቲ ተኻይዱ ነይሩ። ኣብ ከተማታት ኤውሮጳ ሽበራዊ መጥቃዕቲ ሓድሽ ኣይኮነን - ኣብ ብሪጣንያ፡ ፈረንሳ፡ በልጅዩምን ካልኦትን እውን ክረአ ጸኒሑ እዩ። ብዘይካ'ቲ ብርእሰ-ቅትለታዊ ምፍንጃር ዝካየድ መጥቃዕቲ፡ ኣጋር ብብዝሒ ኣብ ዝዘውሩሉ ጉደናታት ከይተረፈ፡ ብመኪይን ብምጭፍላቕ ብዙሕ ሰብ ክቕተል ጸኒሑን ኣሎን። ኣብ ከተማታት ባርሰሎናን ካምብሪለስን እውን መጥቃዕቲ መኪይን ተኻይዱ 14 ሰባት ብኡ ንብኡ ምማቶም ይፍለጥ። እዚ መጥቃዕትታት እዚ እምበኣር፡ ኣብ ሓያሎ ማዕከናት ዜና ብዙሕ ክትዓት የልዕል ኣሎ። ከም ሓበሬታዊ ዜና ተኣቢቡ ዝሓልፍ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከተማታት ኤውሮጳ ንዘቕጽል መጥቃዕቲ ንክዳለዋ ዝተወቕዐ ደወል ኰይኑ ድማ እዩ ዝጋዋሕ ዘሎ።

ካብ መወዳእታ 2010 ንደሓር፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዝተወልዐ 'ጽድያ ዓረብ' እናተባህለ ዝጽዋዕ - ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝተራእየ ፖለቲካዊ ለውጥታት ዝፈጠሮ ሕንፍሽፍሽ፡ ካብ ማእከላይ ምብራቕ ሓሊፉ ናብ ኤውሮጳን ካልኦት ሃገራት ዓለምን ይሰግር ኣሎ። ብሃገራት ምዕራብ እናተጐስጐሰሉን እናተሓገዘን ዝባራዕ ዝነበረ 'ጽድያ ዓረብ'፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ በዚ ዘመን'ዚ ክቕህም'ዩ ዘይብሃል ኩናት ኣብ ርእሲ ምውላዑ፡ ካብ ሳሕል ኣፍሪቃ ክሳዕ ፊሊፒንስ ዝተዘርገሐ ብዙሕ ምምዝባል ህዝቢ ዘስዓበ ዕጥቃዊ ጕንጅታት ፈጢሩ ኣሎ። ዕጥቃዊ ግጭት ኣብ ዝተፈጥረሉ ቦታ ምምዝባል ህዝቢ ኣሎ። ካብ ማእከላይ ምብራቕን ካብ ሃገራት ሳሕል ኣፍሪቃን ዝተበገሰ ኣዝዩ ብዙሕ ህዝቢ፡ ናብ ኤውሮጳ ይሰደድ ከም ዘሎ ድማ ይፍለጥ። ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ናብ ጀርመን ጥራይ ናብ ሓደ ሚልዮን ዝቃረብ ስደተኛ ማእከላይ ምብራቕ ኣትዩ ኣሎ። ምስቲ ኣቐድም ኣቢሉ ኣብ ፈረንሳ፡ ስጳኛ፡ ብሪጣንያን ካልኦት ሃገራትን ኣትዩ ዝነበረ ስደተኛ ማእከላይ ምብራቕ፡ ኤውሮጳ ኣብዚ ግዜ እዚ ቀሊል ሚእታዊት ዘይኮነ መበቈል ማእከላይ ምብራቕ ዘለዎ ዜጋ ሒዛ ኣላ።

ግብረ-ሽበራ፡ ናይ ክልተ ዝተፈላለዩ ስልጣኔታት - ማለት ናይ ማእከላይ ምብራቕን ኤውሮጳን ዘይምቅድዳው ገይሮም ዝወሰድዎ ኣለው። ስደተኛ ክኣቱ ክሳዕ ዝተፈቕደ፡ ኤውሮጳ ምስቲ ስደተኛ ንዝረአ ባህልን ኣተሓሳስባን እምነትን ክትጻወር ኣለዋ ይብሉ። ካብቲ ስደተኛ ውሑድ ሚእታዊት ጥራይ፡ ናይ ሃይማኖታዊ ተጋድሎ እምነት ስለ ዘለዎ፡ እቲ ዝበዝሐ ሰላማዊ ብምዃኑ እቲ ስደተኛ ድሕሪ ክንደይ ወለዶ ናብቶም ደቀባት ክሳዕ ዝርዕም፡ ኤውሮጳ ክትጽመም ከምዝለዋ ይጉስጉሱ። ነዚ ርእይቶ እዚ ዝቃወሙ ድማ ሽበራዊ መጥቃዕቲ ምስ ስልጣነ ማሕበረ-ሰብ ክተሓሓዝ ከምዝይብሉን፡ ባህልን ልሙድ ተርእዮን ደቂ ሰብ ብዘይምዃኑ - ህዝቢ ኤውሮጳ ይኹን ማእከላይ ምብራቕ ሓቢሩ ከጥፈኦ ክጽዕር ከምዘለዎን ተጻዋርነት ከምዝየድልዮ ይኣትዉ።

ብሃይማኖታዊ ክልሰ ሓሳብ ዝተደገፈ ብምዃኑ፡ ቡቲ ክልሰ ሓሳብ ዝኣምን ማሕበረ ሰብ ክሳዕ ዝሃለው፡ ክጠፍእ ከም ዘይክእል ከም ሓሳብ ዘቕርቡ ኣለው። ናይ ሽበራ እምነት ዘለዎ ሰብ፡ ናይ ኣልቃዒዳ ወይ ዳዕሽ ኣባል ምዃን ኣየድልዮን። እቶም ትካላት ሽበራ ዝዘርግሕዎ ጉስጓስ ኣሚኑ ክሳዕ ዝተቐበለ፡ ኣብ ዝኾነ ሃገር ኣብ ዝኾነ ግዜ ብናይ ባዕሉ ተበግሶ ሽበራ ክፍጽም ይኽእል። ካብ ማሊ ክሳዕ ፊሊፒንስ ዘሎ ኩነታት፡ ካብ ከተማታት ኤውሮጳ ክሳዕ ኣብ ኣመሪካ ዝፍጸም መጥቃዕታት ኩሉ፡

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ቊ.ስ 116266/201820(2220)

ም/ ዋና ኣሰናዳኢ

ብንያም ፍስሃጽዮን

ቊ.ስ 201820(2217)

ፋክስ፡ 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቊ.ስ. 200454-07121322

ምልክታ

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት

ኤደን ሃብተኣብ
ሳምራዊት መለስ
በይሉል ገ/ሚካኤል
ምስጋና ተዓገስ
ኣስቴር ካሕሳይ
ሰማያዊት ሓይለኣብ

# ስደትን ሽበራን ዝተኣሳሰር ክትዕ ኣብ ኤውሮጳ. . .?




ካብ ዝተወሰነ ውድብ ብዝተዋህበ መምርሒ ኣይኮነን ዝካየድ። ስለ'ዚ ይብሉ ተኻታዕቲ፡ ክልሰ ሓሳብ ሃይማኖታዊ ተጋድሎ ዝኣምን ሰብ መምርሒ ናይ ውድብ ከይኣድለዮ ዝኣምነሉ ተግባር ክፍጽም ስለ ዝኽእል፡ ነዚ ምቍጽጻር ቀሊል ከም ዘይኮነ ይገልጹ። ኣብ ኤውሮጳ ዘሎ ጥንቃቐታት ኑቲ ናይ ሽበራ ተርእዮ ከም ዝነኪ ገይርዎ እዩ። ከጥፍኦ ከም ዘይክእል ከኣ እቶም ወሃብቲ ርእይቶ ይገልጹ።

ኣብ ከተማታት ኣፍጋኒስታንን ፓኪስታንን ዝካየድ መጥቃዕትታት፡ ናብ ከተማታት ኤውሮጳ ክሰግር እንከሎ ሃይማኖታዊ ዕላማ ዘይብሉ ምዃኑ፡ ብዝተኻእሎ መጠን ኣብ ዝኾነ ቦታን ግዜን ዝለዓለ ቅትለት ናይ ምፍጻም ዕላማ ዘለዎ ሽበራ ከምዝኾነ ዝገልጹ ወገናት፡ ምስ ሃይማኖት ክተሓሓዝ ከምዝይብሉ ይማጐቱ። ገበን ናይ ምፍጻም ድልየት ብዘለዎም ጸቢብቲ ጕጅለታት፡ ኣብ ባርሰሎና ይኹን ኣብ ካቡል ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝፍጽምዎ ቅትለት፡ ምስ ሃይማኖት ይኹን ምስ ጽድቂ ምትእስሳር ከምዝይብሉ ይገልጹ። ኣሸበርቲ፡ ሃይማኖት ይኹን ሃገር ኣይፈልዩን እዮም። ብዙሕ ሰብ ከጥፍኡሉ ዝኽእሉ ኣጋጣሚታት ብምጽባይ ስለ ዝንቀሳቐሱ ሓደ ውሱን ሃይማኖታዊ ዕላማ ክወሃቦም የብሎምን ብምባል ሓሳብ የቕርቡ።

ኣብ ኤውሮጳ ዝካየድ ዘሎ ሽበራዊ መጥቃዕትታት እምበኣር፡ ሃይማኖታዊ ድዩ ኣይኮነን ካብ ዝብል ክትዕ ሰጊሩ፡ ምስ ምእታው ስደተኛታት ዝፍጠር ዘሎ ተርእዮ ከም ምዃኑ፡ ኣብ ኣገባብ ምክልኻል ክግበር ዝግበኦ ኣቓልቦ ፍሉይን ምስ ስደተኛታት ዝተታሓሓዘን ክኸውን ከምዘለዎ ኤውሮጳውያን ፖለቲከኛታት የረድኡ። ኣብ ኩለን ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ፡ እዚ ምምዝባልን ፍልሰትን ህዝቢ ዝፈጠሮ ህዝባዊ ስምዒት ድማ፡ ሓድሽ ፖለቲካዊ ምዕባለታት ይፈጥር ኣሎ።

ኣፍ-ደገ ሃገር ንስደተኛታት ማእከላይ ምብራቕ ክዕጾ ዝደልዩ ሕሉፋት የማናውያን ሰልፍታት፡ ብህዝቢ ዘለዎም ተቐባልነት እናዓበየ ይኸይድ ኣሎ። ብሰንኪ'ቲ ካብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ንደሓር ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ተጋሂሉ ዝተጐስጐሰሉ ምጣነ ስድራ-ቤት ድማ፡ ብዝሒ ህዝቢ ደቀባት ኤውሮጳ እናወሓደ ይኸይድ ኣሎ። ካብ ማእከላይ ምብራቕ ዝፈልሰ ዘሎ ህዝቢ ምቍጽጻር ወሊድ ከም ባህሊ'ውን ስለ ዘይፈልጦ፡ 'ኣብ ቀጻልቲ ዕቑዳት ኣብ ኤውሮጳ ርእሱ ዝኸኣለ ዓብላሊ ማሕበረ ሰብ ክፍጠር ይኽእልዩ' ብማለት የማናውያን ፖለቲከኛታት ብስግኣት የተንብሁ።

ደባት ሃገር ንስደተኛታት ማእከላይ ምብራቕ ክዕጾ ከምዘለዎ ዝኣምኑ - ከም ሃንጋሪን ካልኦት ሃገራት ምብራቕ ኤውሮጳን ድማ፡ እናኣጻረኻ ምቕባል ከምዝሓይሽ የረድኡ። እዚ ርእይቶ'ዚ እንተኾነ እውን፡ ምሉእ ብምሉእ ኣድማዒ ኣይኮነን። ኣብ ኤውሮጳ ሽበራ ክፍጽሙ ካብ ዝጸንሑ ሓደሽቲ ስደተኛታት ጥራይ ዘይኮኑስ ኤውሮጳዊ ዜግነት ዘለዎም ኣብኡ ዝተወልዱ ሓያሎ ከም ዝርከብዎም ይፍለጥ። ኣብ ስደተኛ ጥራይ ዘተኰረ ጸጥታዊ ክትትል ፍታሕ ናይቲ ጸገም ብኸፊል ጥራይ ዝህብ ስለ ዝኾነ ኣብ ውሽጢ ሃገር እውን ክትትል ክግበር ገለ ወገናት ይጽውዑ። ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣብ ዝግበር ክትትል እውን እንተኾነ ናብ ሓደ ክፋል ማሕበረ ሰብ ጥራይ ዘተኰረ ስለ ዝጉብሮ ሚዛናዊነት ይጎድሎ።

ኣብ መንጎ ሃገራት ኤውሮጳ ዘሎ ናጻ ምንቅስቓስ ክዕጾ ዝጽውዑ ወገናት እውን ኣለዉ። ኣብ ሓደ ሃገር ሽበራ ፈጺሞም ናብ ካልእ ንዘሰግሩ ወይ ኣብ ካልእ ሃገር ሽበራ ፈጢሮም ናብ ካልእ ንዘሃድሙ ንምዕጋት ክጠቅም ይኽእል ይኸውን። እንተኾነ፡ ምንቅስቓስ ንግዲ እታ ክፍለ-ኣህጉር ኣብ ምንቅስቓስ ህዝቢ ዝተኰረ ስለ ዝኾነ እዚ እውን ክትግበር ኣጸጋሚ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ሓምሳ ዓመታት ናብ ኤውሮጳ ኣትዩ ዝሰፈረ ማሕበረ-ሰብ ማእከላይ ምብራቕ፡ ናብ ባህሊ ኤውሮጳ ብዘይ ምርዓሙ ናይ ባህልታትን ክብርታትን ኣፈላላይ ፈኺም እናበለ ብምጽንሑ፡ ኣብ ኤውሮጳ ዝተወልዱ መንእሰያት ኣብ ሽበራ ክዋፈሩ ከም ዘይጽግሞም ገለ ወገናት የረድኡ። እቲ ስደተኛ ህዝቢ ክርዕም ነይርዎ ኢሎም ርእይቶ ዝህቡ ወገናት እውን፡ ዘይረዓመሉ ምኽንያት ኣነጺሮም ኣይገልጽዎን። ደጎል ደገሉ ናብቲ ሓደ ኣይሕወስን ኢሉ ካብ ዝከደኞ ሓጹር ኣይወጽእን ዝበለ ኣየናይ ወገን ምዃኑ ስለ ዘይፈልጥዎ፡ ብንጹር ክገልጽዎ ኣይክእሉን። ስደተኛ ክርዕም እንታይ ስጉምቲ ክውሰድ ከም ዘለዎ እውን ኣይገልጹን። ማዕረ ናይ ትምህርትን ናይ ስራሕ ዕድልን ተዋሂቡ እንከሎ ንምንታይ ከም ዘይርዕም እውን ክረድኡ ኣይክእሉን።

ኣብ ሰሜን ኣመሪካን ኣውስትራልያን ዝሰፈሩ ኤውሮጳውያን ጻዓዱ፡ ኑቶም ደቀባት ካብ ባህሎምን መነባብሮ ኣቦታቶምን ብምፍላይ፡ ባህሊ ናይ ምዕራባውያን ጻዓዱ ንምትሓዝ ኢሎም ዝፈተንዎ መደባት ከቢድ ሰብኣዊ ቅልውላው ከም ዘስዓበ ይዝከር። ናይ ምዕራባውያን እምነትን መነባብሮን ዝሓዘ ሓድሽ ወለዶ ንምፍጣር፡ ካብ ወለዶም ህጻናት እናመንጠሉ ኣብ መዕቈቢ ህጻናት ብምእካብ የስተምህሩ ነይሮም። እቲ ኣገባብ'ቲ ዘይሰብኣዊ ብምንባሩ ከኣ፡ ክሳዕ ሕጂ ጸሊም ታሪኽ መዝገቡ ይርከብ።

ምናልባት ዝሓሸ ኣማራጺ ምኾነ ተባሂሉ ዝግመት - ስደተኛታት ኣብ ተቐባሊት ሃገር ኣብ ዝኣትዉሉ ግዜ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ ሓደ ከባቢ ክሰፍሩ ብምግባር 'ንእሽቶ ሞቓዲሾ' 'ንእሽቶ ካቡል' ዝምስርቱ፡ ኣብ ምልእቲ ሃገር ብስድራቤታት ብምብታን ንባህሊ ተቐባሊ ህዝቢ ክቃልዑ ከምዝኽእሉ ይግመት። ኣሽሓት ስድራቤታት ኣብ ሓደ ከባቢ ኣብ ዝሰፍሩሉ ግዜ፡ እቲ ተቐባሊ ህዝቢ ዘይኮነስ እቲ ጋሻ እዩ ሓድሽ ባህሊ ናይ ምጽዋር ዓቕሊ ዝስእን። ስደተኛ ሒዝዎ ዝኣተወ ባህልን ክብርን እምነትን ካልእ ኩዳሪን ዘይክእል መተካእታ ዘይብሉ - ብኻልእ ክልወጥ ወይ ክቕየር ከምዘይክእል ገይሩ እዩ ዝሓስቦ። እዚ ኣተሓሳስባ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ከይቅህም ድማ፡ እቲ ባህሉ ኣብ ዝምዕብለሉን ናብ ሓደስቲ ወለዶ ኣብ ዝሰጋገረሉ ከባቢታት ብሓገድን ዓሌትን ከምዝሰፍር ይግበር ኣሎ።

ሽበራን ስደትን ከም ዘይነጻጸሉ ገይሮም ዝቕርቡ፡ ሽበራ ምስ ስደተኛ ዝተኣሳሰር የብሉን ንዝብሉን ወገናት፡ ከተዓርቕ ዝኽእል ማእከላይ ርእይቶ እምበኣር ኣይተረኸበን። ከምዚ ድሕነትን ጸጥታን ጉደናታት ኤውሮጳ ንምሕላው - ብኽትዕ ኣሚንካ እትቕበሎ ወይ እትገድፎ ብዘይምዃኑ።

እቲ ዝሓለፈ ቅንያት ኣብ ክልተ ከተማታት ስጳኛ ብመኪና ዝተፈጸመ ጃምላዊ ቅትለት ህዝቢ እምበኣር፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ካልኦት ከተማታት ኤውሮጳ ዝተራእየ ስለ ዝነበረ፡ ካብ ትጽቢት ወጻኢ ነይሩ ክበሃል ኣይከኣልን። ጸጥታዊ ምክትታል ከም ዝነበሮን ኣንፈት ሽበራዊ ምድላዋት ተረኺቡ ምንባሩን እውን ምንጮታት እታ ሃገር የረድኡ እዮም።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ትርግታ ልብና ብኸመይ ንቕምር?

ህርመት ልቢ - ኣብ ሓደ ደቒቕ ልቢ እትህቦ ብዝሒ ትርግታ የመልክት። እቲ ንቡር ትርግታ ልቢ፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ ኢዩ። ይኹን'ምበር ሓደ ሰብ፡ ዓቐን ትርግታ ልቡ ብኸመይ ክፈልጥ ከም ዝኽእል ምፍላጥ ንጥዕንኡ ኣገዳሲ ኢዩ። ምኽንያቱ ትርግታ ልብና ምልክት ጥዕናናን ዝተፈላለዩ ዓይነት ሕማማትን ስለ ዝኾኑ። ንኣብነት፡ ትርግታ ልብና - ጸቕጢ ደምና፡ ስርዓተ እስትንፋስናን መቕት ሰብነትናን ንምልላይ ይሕግዙና። ዕድመ ወዲ ሰብ - ለውጢ ኣብ ህርመት ልብን ስሩዕ ትርግታን ከመልክት ከም ዝኽእል ኣብ ኒው ዮርክ ኣመሪካ ዝርከብ ዩኒቨርሲቲ ሕክምና ኣብ ጽብጻቡ ኣሰፊርዎ ይርከብ። ብተወሳኺ ህርመት ልብን ኩነታት ትርግታ ልብን ንኩነታት ልብን ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማትን ከመልክት ከም ዝኽእል እቲ ጸብጻብ የረድእ።

ትርግታ ልቢ ብንጹር ኣብ መላግቦ ጉንቦ ኢድ (ብፍላይ ድማ መላግቦ ዓባይ ዓባይቶ ኣጻብዕቲ)፡ ኣብ መዕጸፊ ኩርናዕ ኢድ፡ ኣብ ክሳድ፡ ኣብ ኣፍ-ልቢን ኣብ ላዕለዋይ ክፋል እግርን ክንረኽቦ ይከኣል። ነቲ ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ክፍሊ ኣካል ንረኽቦ ትርግታ ኣብ ውሽጢ ሓደ ደቒቕ ብምቑጻር/ ብምልካዕ ድማ ህርመት ልብና ክንፈልጥ ይከኣል።

ሓደ ሰብ ቅኑዕ ትርግታ ልቡ ክልክዖን ክቆጻጸሮን እንተኾይኑ ግና፡ ኣብ ግዜ ተዛ ወይ ዕረፍቲ ዝሎ መጠን ህርመት ልቡ ክፈልጥ ከም ዘድልዮ ኢየም ክኢላታት ዘመልክቱ። እዚ ናይ ተዛ ወይ ዕረፍቲ ህርመት ልቢ ካብ ዓራትካ ምስ ተበራበርካ ወይ ናብ ዓራትካ ቅድሚ ምድያብካ ዘሎ ግዜ ክትልክዖ ይከኣል። መዓጸሪ ህርመት ልቢ ንምልካዑ ንጉንቦ ዓባይ ዓባይቶ ናይ'ታ ኣንጻር ኢድ በጻብዕትና ብዞጎጎኡ ጨቢጥና ብምሓዝ ንውሽጣዊ ተምታ (pulse) ክንዕዘቦ ይከኣል። ኣብዚ ብጫፍ ናይ ኣመልካቲቶን ዓባይ ዓባይቶን ኣጻብዕትና ነቲ ኣብ ጉንቦ ኢድና ዘሎ ናይ ደም ሰራውር ጸቒጥና፡ ግን ብዙሕ ከየትረርና፡ ክንሕዞ የድሊ። ብድሕሪ'ዚ ንዓሰርተ ካልኢት ነቲ ካብ ውሽጢ ዝመጽእ ተምታ (pulse) ንቑጽሮ። ናብ ደቒቕ ክንቅይሮ ድማ ብ6 ነርብሖ። ኣብ ውሽጢ 50 ክሳብ 85% ናይ ሓደ ዝለዓለ መጠን ህርመት ልቢ ክትጸንሕ ኢዩ ብሓኪይም ዝምከር። እቲ ንቡር ህርመት ልቢ ኣብ መንጎ ካብ 60 ክሳብ 100 ትርግታ ኣብ ደቒቕ ክኸውን ከም ዘለዎ ኢየም ዝጠዝሑ ሓኪይም ዝሰማምዕሉ። ይኹን'ምበር ገለ ሰባት ካብ'ዚ ዝተሓተ ወይ ዝለዓለ ክህልዎም ይኽእል ኢዩ።

መዓጸሪ ህርመት ልቢ ምስ ዕድመ'ውን ይፈላለ ኢዩ። ብርግጽ፡ እቲ ዝለዓለ መጠን ህርመት ልቢ ፍልልይ ኣብ መንጎ 220ን ዕድመ ናይቲ ሰብን ክግለጽ ይከኣል። ንኣብነት፡ ሓደ 20 ዓመት ዝዕድሚኡ ሰብ መዓጸሪ ህርመት ልቢ ናቱ ካብ 100 ክሳብ 170 ትርግታ ኣብ ደቒቕ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ዝለዓለ ህርመት ልቡ ግና፡ ብዙሕ ግዜ ዘይንብር'ውን ክኸውን ይኽእል ኢዩ፡ ክሳብ 200 ኣብ ደቒቕ ይበጽሕ (220 – 20 ማለት ኢዩ)።

ህርመት ልቢ ክንልክዕ እንከለና ካይዶ ዘለና ንጥፈታት ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ። ሓደ ሰብ ይንቀሳቐስ እንተዘየለ፡ ልቡ ዝተሓተ ደም ኢያ ትጭንጉዕ። እዚ ማለት ኣብ ተዛ ወይ ዕረፍቲ ዘሎ መጠን ህርመት ልቢ እትልክዓሉ ግዜ ኢዩ። ሓደ ሰብ ደቂሱ ወይ ኮፍ ኢሉ እንተሎ ህርመት ልቡ ኣብ ደቒቕ ካብ 60 ክሳብ 100 ይበጽሕ። ህርመት ልቢ ምስ ዘለካ ኩነት ኣእምሮ፡ ጸቕጥን ተሃድሶን'ውን ይፈላለ ኢዩ።



ህርመት ልቢ ብዝተፈላለዩ ረቛሒታት ይጽሎ ኢዩ። ከም ኣቃውማ ኣካላት ማለት



ኮፍ ወይ ደው ምባል ወይ'ውን ምድቃስ፡ መጠን ብቕዓት ኣካላት፡ ተኻይዶ ንጥፈታት፡ ሙቐት፡ ግዝፊ ኣካላት፡ ስምዒት …ወዘተ።

ህርመት ልብና ከዝሕል ዝኽእል ምኽንያት እንታይ ኢዩ?

ልቢ ብጭዋዳታት ዝተሃንጸት ኣካል ኢያ። በዚ ድማ በቲ ተኻይዶ ምውስዋስ ኣካላት ኣዝያ ኢያ ትጽሎ። ዝበዝሐ ምውስዋስ ኣካላት ተኻይድ ኣንተኼንካ፡ ሓያልን ድልድልትን ትኸውን። እዚ ማለት ድማ፡ ልዑል ኣካላዊ ብቕዓት ስለ እትውንን፡ ኣብ እዋን ተዛ ወይ ዕረፍቲ ዝተሓተ ህርመት ልቢ ይህልወካ። ሓደ ኣትሌት ከም ኣብነት እንተርኢና፡ ኣብ ግዜ ዕረፍቲ ልቡ ኣብ ደቒቕ ትሕቲ 40 ሳዕ ክትሃርም ትኽእል። ምኽንያቱ፡ ጭዋዳታት ልቡ ኣዝዮም ተረርትን ብቑዓትን ብምዃኖም ልቡ ደም ክትጭንጉዕ ብዙሕ ጻዕሪ ወይ ምንቅስቓስ ኣየድልያን።

ብዘዕባ ምልዓል ህርመት ልብኻ መዓስ ትጨነቕ?

ህርመት ልብኻ ክልዕሉ ዝኽእሉ ሓያሎ ረቛሒታት ኣለዉ - ካብ ምውስዋስ ኣካላት ክሳብ ካፌን ዘለዎ መግብታት ብብዝሒ ምውሳድ። ብሰንኪ ጥዕናዊ ጸገማት'ውን ህርመት ልብኻ ክልዕል ይኽእል ኢዩ። ብሰንኪ ጭንቀትን ወጥርን'ውን ይልዕል ኢዩ። ስለዚ፡ ዘይንቡር ህርመት ልቢ ከተስተብህል ኣብ ዝጀመርካሉ እዋን ብቕጽበት ናብ ሕክምና ክትከይድ ከም ዘድሊ ሓኪይም የመልክቱ።

ምንጪ፦ American heart association

## ምኽሪ ጥዕና

## ጥበብ - ድቃስ ንምርካብ

ሓደ በጽሒ፡ እኹልን ንጥዕንኡ ሓጋዚን ዝኾነ ዕረፍቲ ክረክብ እንተኾይኑ ኣብ መዓልቲ ብዝሓጋ ካብ 7 ክሳብ 9 ሰዓታት ክድቅስ ኣለዎ። ህጻናትን ትሕቲ ዕድመን ድማ ካብዚ ዝተጠቕሰ ንላዕሊ ግዜ ድቃስ የድልዮም። ሓዲሽ ዝተወልደ ህጻን ኣብ መዓልቲ ክሳብ 16 ሰዓታት ክድቅስ ይኽእል። ሸማግለታት ድማ ኣብ መዓልቲ ዝውሓደ ሰዓታት ይድቅሱ።

ሓደ ሰብ ጥዕንኡ ሕሉው ኣእምሮኡ ንቑሕ ክኸውን እንተኾይኑ መዓልታዊ እኹል ድቃስ ክረክብ ኣለዎ። ይኹን'ምበር፡ ብሰእኖት ድቃስ (insomnia) ናይ ዝሳቐዩ ዘለዉ ሰባት ብዙሓ ሓያሎ ምኽንያት ኢየም ክኢላታት ዘመልክቱ። ሓደ ብቐዳምነት ካብ ዝጥቀሱ ጠንቅታት ሰእኖት ድቃስ ጸቕጢ (stress) ኢዩ። ተደጋጋሚ ጸቕጢ ድማ ናብ ድኻምን ጭንቀትን ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ጸገማት ኢዩ ዘቃልዓና። በዚ ኾይኑ በቲ ተመራመርቲ ስነ ኣእምሮ ቀልጢፉ ድቃስ ክመጸና ዝሕግዝ ዝተጸንዐን ውጽኢታውን ዝኾነ ሓዲሽ ቴክኒክ ኣማዕቢሎም ኣለዉ። "4 – 7 – 8" ናይ ምስትንፋስ ጥበብ ኢያም ዝበልዎ።

እዚ ጥበብ ወይ ቴክኒክ ብኸመይ ትጥቀመሉ?

ንኣርባዕተ ካልኢታት ዝኣክል ብኣፍንጫኻ ኣየር ሰሓብ፡ ነቲ ዝሰሓብካዮ ኣየር ክሳብ ሸውዓተ ካልኢት ኣብ ውሽጥኻ ኣጸንሓዮ፣ ሽዑ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሰብነትካ ዝጸንሐ ኣየር ክሳብ ሸሞንተ ካልኢት ብኣፍካ ከም ዝወጽእ ግበር። እዚ ኣገባብ ክሳብ ድቃስ ዝመጽካ ደጋጊካ ተጠቐመሉ። ኣብ ዝሓጸረ እዋን ድቃስ ክመጽካ ምኽኣሉ ድማ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ጸቕጥን ጭንቀትን ዘለዎ ሰብ ኣገባብ ኣተናፍስኡ ኣዝዩ ቅልጡፍን ዓሚቑን ኢዩ። እዚ "4 – 7 – 8" ናይ ምስትንፋስ ጥበብ ግና ህርመት ልቢ ከም ዝትሕት ብምግባር ኣብ ሓጺር እዋን ድቃስ ከም ዝመጽካ ኢዩ ዝገብር።

ንኣርባዕተ ካልኢታት በፍንጫኻ ኣየር ክትስሕብ እንከለኻ ናብ ውሽጢ ሰብነትካ ብዙሕ ኦክስጅን ከም ዝኣቱ ትገብር ኣለኻ ማለት ኢዩ። ነቲ ኣየር ንሸውዓተ ደቓይቕ ኣብ ውሽጥኻ ምሓዝ ድማ ደምና እኹል ኦክስጅን ተሰኪሙ ናብ መላእ ሰብነትና ንኽበጽሕ ዕድል ትህቦ ከም ዘለኻ ኣስተብህል። እዚ ኣገባብ'ዚ ድማ ዝተዛዘየ ሰብነትን ዝቐሰነ ኣእምሮን ክህልወካ ይሕግዘ።

ምንጪ፦ Health Benefits.com

## ንጥዕና ሓንጎልና ኣገደስቲ ዝኾኑ መግብታት

ዝተፈላለዩ መግብታት፡ ንዝተፈላለየ ኣካላትና ብዝተፈላለየ መልክዕ ክሃንጹ ወይ ክጎድኡ ዝኽእሉ፡ ዝተፈልየ መኣዛዊ ትሕዝቶ ኣለዎም። ገለ መግብታት ንዝተወሰነ ክፋል ኣካላትና ብምጉዳእ ንጥዕናና ከዕብዕ ይኽእሉ። ገሊኦም ድማ ብፍላይ ነቲ ዝተወሰነ ክፍሊ ኣካላትና ኣዝዩ ጠቓሚ መኣዛ ብምሃብ ጥዕና ከም ዝህልዎ ይገብሩ። ንሎሚ ንጥዕና ሓንጎልና ኣዝዮም ኣገደስቲ ዝኾኑ መግብታት ክንርኢ። እዞም መግብታት ንንጥፈታት ሓንጎል ብምሕያል፡ ንጸገማት ናይ ምዝካር ዓቕምና ብምጥፋእ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ብቕዓትና ከም ዝዓቢ ዝገብሩ ኢዮም። ገለ ካብኦም፦

* ሰዴኖ (Celery) ፦ ሰዴኖ ፡ ኣብ ኣትክልቲ ዝርከብ 'ሉቶሊን' (luteolin) ዝተባህለ ውሕደት ብብዝሒ ይርከቦ። እዚ ውህደት'ዚ ድማ ምስ ዕድመ ክቕልቀል ዝጅምር ናይ ምዝካር ጸገማት ኣብ ምንካይ ልዑል ጥቕሚ ከም ዘለዎ ኢየም ክኢላታት ዘመልክቱ። ክኢላታት ከም ዝሕብርዎ መሰረታዊ ጠንቂ ምብልሻው-መትንታት (neuro-degeneration)፡ ኣብ ሓንጎል ዝርአ ምቅጻል ኢዩ። 'ሉቶሊን' (luteolin) ዝተባህለ ኣብ ሰዴኖ ዝርከብ ውህደት'ምበኣር ነዚ ምቅጻል'ዚ ኣብ ምህዳእ ልዑል ግደ ኢዩ ዘጻውት።

* ቅብኣት ዘለዎም ዓይነት ዓሳ፦ ቅብኣት ብብዝሒ ኣብ ዘለዎም ዓይነት ዓሳ፡ ንሓንጎልና ንምሕያል ብሓፈሻኡ ድማ ንመላእ ጥዕናና ዘተርንዕ ክልተ ኣገደስቲ መኣዛዊ ትሕዝቶ ይርከቦ። ንሳቶም 'ኦሜጋ-3' ዝተባህለ ስቡሓዊ ኣሲድን ቫይታሚን 'ዲ'ን ኢዮም። 'ኦሜጋ-3' ዝተባህለ ስቡሓዊ ኣሲድ 'DHA'ን 'EPA' ዝተባህሉ ውህደት ብጻዕቂ ሓቕፉ ይርከብ። እዚ ውህደት'ዚ ድማ ኣብ ሓንጎልና'ውን ዝርከብ ኮይኑ ንንጥፈታት ሓንጎል ኣዝዩ ተደላዪ ኢዩ። ቫይታሚን 'ዲ' ድማ፡ ሓንጎልና በሊሕ ክኸውን ይሕግዞ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ነገራት ድማ ይከላኸለሉ። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ቅብኣት ዘለዎም ዓይነት ዓሳ ብዝበዝሐ ዝምገቡ ሰባት ብሕማም ረሳዕ ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ብ40% ዝተሓተ ኢዩ። ሳልሞን፡ ቱና፡ ሃሊቡት …ወዘተ ገለ ካብቶም ቅብኣት ዘለዎም ዓይነት ዓሳ ይጥቀሱ።

* ስትረውቤሪ፦ እዚ ዓይነት ፍሩታ'ዚ ሓንጎልና ንጥፈታቱ ከየጉድልን፡ ስምዒታት ወጥርን ጭንቀትን ከየጋጥሞ ኣብ ምክልኻል ልዑል ተራ ከም ዘለዎ ይንገር። ስትረውቤሪ ብሰንኪ ዕድመ ዝርአ ሕማም ረሳዕ ኣብ ምጉዳል'ውን ልዑል ግደ ኣለዎ።

* ዓይነት ካዕካዕ (Walnuts)፦ ምንጪ ምራተ ንምክልኻል ዝሕግዝ ፍሉይ መኣዛ ከም ዘለዎ ዝንገረሉ ካዕካዑ፡ ሓንጎልና ብቐሊሉ ከይደክም ኣብ ምክልኻል ልዑል እጃም ኢዩ ዘበርክት። እዚ ፍረ'ዚ ብትሕዝቶ ቫይታሚን 'ኢ' ዝሃብተመ ብምዃኑ፡ ንንጥፈታት ሓንጎል ኩናኽሙ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ሕማማት ኣብ ምጥፋእ ልዑል ተራ ይጻወት። ስለዚ፡ ኣብ መዓልቲ እዚ ዓይነት ፍረ ወይ'ውን ብቫይታሚን 'ኢ' ዝሃብተሙ ካልኦት ተመሳሰልቲ መግቢ ምውሳድ ንጥዕና ሓንጎልና ኣዝዩ ኣገዳሲ ምኳኑ ኣይዝከኖግዕ።

*ካውሎ ፍዮሬ፦ ሓደ ካብቲ ኣብ ካውሎ ፊዮሪ ዝርከብ ኣገዳሲ መኣዛ ቫይታሚን 'ኬይ' ኢዩ። ቫይታሚን 'ኬይ'፡ ናይ ምግንዛብ ዓቕሚ ሓንጎልናን ምስኡ ዝወሃሃዱ ክፍሊ ኣካላትና ዘዕቢ ኣገዳሲ መኣዛ ኢዩ። ንሓይልን ንቑሕነትን ሓንጎልና ኣብ ምዕባይ'ውን ጠቓሚ ኢዩ። ካልእ ትሕዝቶ ቫይታሚን 'ኬይ' ከም ዘለዎ ዝንገረሉ ዓይነት ሓምሊ እስፒናቺ ኢዩ።

* ፍረ ዱባ፦ ኣብ መዓልቲ ሓደ ዕማኾ ፍረ ዱባ ክትበልዕ እንተኽኢልካ፡ ኣካላትካ ዘድልዮ ማዕድን 'ዚንክ' ክረክብ ከም ዝኽእል ኢዮም ሓኪይም ዘገንዝቡ። 'ዚንክ' ናይ ምሕሳብን ምዝካርን ዓቕሚ ሓንጎልና ኣብ ምህብታም ልዑል ጥቕሚ ኢዩ ዘለዎ።

* ዘይቲ ኣውሊዕ፦ ዘይቲ ኣውሊዕ ኣብ ኣካላትና ብፍላይ ድማ ኣብ ሓንጎልና ክፍጠር ንዝኽእል ምረት ንምክልኻል ዝሕግዝ 'ፖሊፌኖል' (polyphenol) ዝተባህለ ውህደት ኣለዎ። እዚ ውህደት'ዚ ምስ ዕድመ ኪጋጥም ንዝኽእል ናይ ምርሳዕ ጸገማት ኣብ ምእላይ ልዑል ግደ ኣለዎ። ናይ ምዝካርን ምምሃርን ዓቕሚ ሓንጎልና ድማ የሀብትም።

* ኣእካል፦ ሓንጎና ብዘይ ጸገም ንጥፈታቱ ከካይድ እንተኾይኑ ናይ ግድን እኹል ጸዓት ክረክብ ኣለዎ። ኣእካል፡ ዘይ ከም ካልኦት ዓይነት ምንጪ ካርቦ ሃይድሬትስ፡ ናብ ዋሕዚ ደም ቀጻሊ ግሉኮስ (ባህርያዊ ሽኮር) ከመንጭዉ ይኽእሉ። ሓንጎልና ድማ በቲ ካብ ደም ዝረኸቦ ግሉኮስ ግቡእ ንጥፈታት ከካይድ ይኽእል።




ምንጪ፦ Ideadizest.com


ሃይለ ዳኒኤል

# ሕብረ-ልሳናውያን ሰባት

## ጀይ.ኣር.ኣር. ቶልኪየን

ኣብዚ እዋን ዘሎና መንእሰያት "ዘ ሆቢትን" "ዘ ሎርድ ኦፍ ዘ ሪንግስን" ዝብሃሉ ፊልምታት ዘይረኣየ ዳርጋ የለን ክንብል ንኽእል። ካብዚኣቶም ክንደይ ኢና ነዘን ናብ ተንቀሳቓሲ ፊልም እተቐርጻ ስነ-ጥበባዊ ስራሓት ብመጽሓፍ ኣንቢብናየን ንኸውን? እቲ ቑጽሪ ኣዝዩ ውሑድ እዩ። ካብቶም ብፊልም ዝረኣናየ ኸ ተገዲስና፡ "መን'ዩ ደራሲኣ?" ኢልና ስሙ ዝደለና'ኸ ክንደይ ኮንና ንኸውን? እቲ ቑጽሪ ናብ ባዶ እተቐራረበ እዩ እንተተባህለ ኣይተጋገን።

ኣብዘን መጻሕፍቲ እትረኽቦም እተፈላለዩ እተመስርሑ ቋንቋታት ኣለዉ። ከተንብቦም እንከሎኻ እውን ብዘይካ ሃጠውቀጠው ዝጠቕሙ ኮይኖም ኣይስምዑኻን። ኣብኡ ተጻሒፎም ካብ ዘለዉ እተመስርሑ ቋንቋታት ሓደ ቋንቋ ዛርቱን (Elvish)'ዩ። እቲ ሓቂ ግን እዞም ብቶልኪየን እተመስርሑ ቋንቋታት ዋላ'ኳ ክሱብ'ቲ ዝደለ ብዝሒ ዘለዎ ማዕከን ቃላት (ማህደረ-ቃላት) ኣይሃልዎም፡ ሓቒፎሞ ብዘለዉ ሰዋስውን ትርጉም ቃላት (ስነ-ባህሊት/ ስነ-ልሳን)ን ግን ማዕረ እቶም ብባህርይ እንምዕብሎም ዘዝረበ ልሳናት ዝዓረግ ሓይሊ ከም ዘለዎም ብዙሓት ተመራመርቲ ስነ-ልሳን ዝሰማምዑሉ እዩ።




መጀመርያ ንቶልኪየን ምስ ቋንቋታት ላቲን፡ ፈረንሳይኛን ጀርመንን ዘላለየቶን ዝመሃረቶን ኣዲኡ እያ። እዚ ካብ ብንእሽቶኡ ዝሓዞ ፍቕሪ ምስ ቋንቋታት ድማ ምስእ ዕድመኡ ሓደስቲ ቋንቋታት ክፈልጥን ክመሃርን ባብ ኣርሒወሉ። ካብዞም ዳሕራይ እተማሃሮም/ዘጽንዖም ቋንቋታት ዝያዳ ተማሲጦ ዝፈጠረሉ ቋንቋ ፊንላንድ (Finnish) እዩ። ንሱ መጀመርያ ናይቲ ቋንቋ ሰዋስው ምስ ረኸበ፡ "ልክዕ ከም ኣብ ብምኡዝ ጠራሙዝ ወይኒ ዝመልአ መኽዘን ኣትየ ጥዒመዮ ዘይፈልጥ መቐረት ዘስተማቐረ ዘሎኹ እዩ ኮይኑኒ፡" ብምባል እቲ ቋንቋ ዝፈጠረሉ ጣዕሚ ይገልጽ። ካብዚ ተበጊሱ ድማ 'ኳንያ' እትብሃል ቋንቋ ክምስርሕ ከኣለ። ብዘውንዖ ሰዋስው ድሕሪ 'ኳንያ' ዝሰርሖ 'ሲንዳሪን' ኢሉ ዝሰመዮ ካብ ቋንቋ ወይልስ ዝፍለቐ እዩ።

ቶልኪየን ዕድመ ኩትትና ኣብ ዝረገጸሉ እዋን'ዩ እተመስርሐ ቋንቋ ክፈታትን ዝጀመረ። እቶም ቀዳሞት ምስ መቐርቡ ሜሪ ኢንክለዶን ብምኳን ዝመስርሖም ቋንቋታት ኢማሊክን ኑቭቦሽን ይበሃሉ። ንሱ ዝመልኮም ዝበረ ቋንቋታት ብዘይካ እቶም ኣብ ላዕሊ እተጠቕሱ ቋንቋታት ፊንላንድ፡ ወይልስን ጀርመንኛ፡ ግሪኽ፡ ጥንታዊ እንግሊዝኛ፡ ጎጺኛ (Gothic)፡ ጥልያን፡ ጥንታዊ ኖርስ (Nordic)ን እስጳኛን ይመልኽ ነይሩ።

ንቶልኪየን እተፈላለዩ ቋንቋታት ንኽጽንዕ ዝደፋፍኦ ነገራት ስነ-ድምጺ ወይ ሰዋስው ጥራይ ኣይኮኑን። ህንጸዊት ንምፍላጥ ታሪኽ ኣመዓብልኣን ባህልን ቋንቋ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ እዩ።

ቶልኪየን፡ "ንሓደ ቋንቋ ክትመሃር ምስ እትደሊ ኣብ ህይወትካ ንዘሁልዎ ግብራውን ቁጠባውን ረብሓ ጥራይ ዘይኮነስ ብፍታው ክኸውን ኣለዎ፡" ዝብል ፍልስፍና እዩ ነይርዎ። ካብ'ዚ ቶልኪየን መበቆል፡ ኣመዓብልኣ ናይ ሓደ ዝዘረብ ቋንቋ ናይ ምፍላጥ ሃረርታኡ ናብ ምምስራሕ እተፈላለዩ ፈጠራውያን ታሪኻውያን ቋንቋታት ክመርሖ ክኢሉ እዩ።

እቶም ብቶልኪየን እተማህዙ / እተመስርሑ ቋንቋታት ከም ኖልዶሪን፡ ናፋሪን፡ ኢልዳሪን፡ ኳንያ፡ ሲንዳሪን፡ ጎልዶግሪን፡ ተለሪን፡ ኢልኪሪን፡ ዶሪኣትሪህሪን፡ ኣቫሪን፡ ሮሂሪክን ኣዱናይክን ይበሃሉ።

ንሱ ኣብ ኦክስፎርድ ዩኒቨርሲቲ ብኣመዓብልኣ ቋንቋታት ክመሃር እንከሎ፡ ኣብ ሊድስ ዩኒቨርሲቲ ድማ ኣብ ክፍሊ እንግሊዝኛ ከም መምህር ብምኳን ይሰርሕ ነበረ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ 1925 ናብ ኦክስፎርድ ብምምላስ መምህር ናይ ጥንታዊ እንግሊዝኛን ታሪኽ እንግሊዝን ኮይኑ ክምህር ጀመረ። ቶልኪየን ነቶም ዘጽንዖም ይኹኑ ዝመስርሖም ቋንቋታት ሳሕቲ ምስ እተፈላለዩ ሰባት ከም መረዳድኢ ይጥቀመሎም ነይሩ። ንሱ ንቋንቋ ከም "ዝኾነ ዕላማ ወይ ቁም-ነገር ዘይብሉ ግን ንተዛረብቱ ዕጋበት ዝፈጥር" ብምባል እዩ ዝገልጾ ነይሩ።

ሎሚ ዝበዝሐ ቋንቋ ዘጽንዕ ሰብ ንኣካዳምያዊ ጥቕምን ሞያን ንምርካብ እዩ። እዚ ናይ ቶልኪየን ኣብ ውድድር ዘይኮነስ ኣብ ፍቕርን ህንጻጸትን ዝተኸረ ኣረኣእያ ኣብ ቋንቋ ካብ ዝበዝሑ ሕብረ-ልሳናውያን ፍሉይ ይገብሮ።

ንሕና እውን ዘዋጽኣና መንገዲ ክንክተል ንኽእል ኢና። ካብ ቋንቋ ምጽናዕ እንረኽቦ ዕጋበት ቀሊል ኣይኮነን፡ ፍቕርን ተምሳጥን ጥራይ ኣብ ቦታኡ ይኹን።

## ንግስቲ ኤልሳቤጥ ቀዳመይቲ

እዛ ምልእ ዕድመኣ ከይተመርዓወት ዘሕለፈቶ ንግስቲ፡ ብዘይካ እቲ ካብ ሞንጎ እተፈላለዩ ሃገራት ፍልይ ዘብላ ምዕሩግ ቅዲ ኣከዳድናን ብዙሕነት እትዛረቦ ቋንቋታትን እዩ። ንሳ ኣብ ምልእ ዕድመኣ ንቋንቋታት ፈረንሳይኛ፡ ፍለሚሽ፡ ጥልያን፡ እስጳኛ፡ እንግሊዝኛ፡ ላቲን፡ ግሪኽን ኮርንዎልን (Cornish) ክትመልኽ ክኢላ እያ።

ንግስቲ ኤልሳቤጥ ቀዳመይቲ፡ ካብ ካልኦት ነገስታትን ሕብረ-ልሳናውያንን ዝፈልያ፡ ብዙሓት ጽሑፋት ክትትርጉም ብምኽኣላ'ዩ። ኣብ ዕድመ ግርዝውና እንከላ ካብ ዝተርጎመቶም ምስ እንርኢ፤ 'ሰሰሮ'፡ 'ሰኔካን' 'ካልቪንን' ናብ እንግሊዝኛ፤ 'ጸሎት ካትሪን' ንእትብል ሃይማኖታዊት ዕዮ ድማ ካብ እንግሊዝኛ ናብ ላቲን፡ ፈረንሳይኛን ጥልያንን እያ።


# ብደረስቲ እተመስርሑ ሓሙሽተ ቃላት

ሓደ ቋንቋ ምስ ግዜ እናተቐያየረ ማለት ዝጸንሐ እናጠፍአ ወይ ብሓደስቲ ቓላት እናተለወጠ ይመጽእ። እዚ ብዙተፈላለየ ምኽንያታት ክኸውን ይኽእል። ገለ ካብቶም ከም ምኽንያት ዝጥቀሱ ንግዲ ኣብ ሞንጎ እተፈላለዩ ሕብረተሰባትን መማዘኣትን ይርከብ። ገለ እውን ኣብ እቲ መበቆላዊ ቛንቋ ይኹን ኣብ ህሉዋት ቛንቋታት ዘየለዉ ሓደስቲ ዝምስረሑ ቃላት ኣለዉ። እዞም ቃላት ዝምስረሑሉ ምኽንያታት ምስ ካልእ ኣቕሓ ወይ ስም ተመሳሲልቲ ምስ ዝኾኑ ወይ ድማ ቅድሚ ሕጂ ኣብቲ ከባቢ ሓድሽ ተርእዮ ምስ ዝኸሰት እሞ ንዕኡ ዝገልጽ ቃል ምስ ዘይህሉ ሓድሽ ቃል ክፍጠር ወይ ክምስረሕ ግድን ይኸውን። ኣብዚ ኣርእስቲ'ዚ ደረስቲ እቶም ቀንዲ ተዋሳእቲ ምኳኖም ብዙሓት ተመራመርቲ ስነ-ቋንቋ ይሰማምዑ።

ገለ ካብ ናይ ቋንቋ እንግሊዝኛ ደረስቲ ዝመሃዝዎም ቃላት ምስ እንርኢ፥


## ትዊተር

እዛ 'ትዊተር' እትብል ቃል ኢንተርነት ዝጥቀም ኩሉ እዩ ዝፈልጣ። ኣብ መበል 14 ክፍለዘመን ጀፍሪ ሻውሰር እተባህለ ደራሲ ኣብ ዝጸሓፋ 'ዘ ካንተርበሪ ተይልስ' እትብል ወርይቲ መጽሓፍ ንድምጺ ጫቕጫቕታ ኣዕዋፍ ንምግላጽ ዝመስርሓ ቓል እያ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ እዛ ቃል ነቲ ግሉን ስም ዘለዎ ማሕበራዊ-መራኸቢ (social-media) 'ትዊተር' ከም መለለዩ ቃል ኮይና ትቕጽል ኣላ። እዚ መርበብ ማሕበራዊ-መራኸቢ ንሓሳባት፡ ደረቓን ተንቀሳቓስን ስእልታት እተፈላለዩ ሰባት ብምልጣፍ፡ ኣብ ሞንጎ ኣብ እተፈላለየ ክፍሊ ዓለምና ዝነብሩ ሰባት ንዘሎ ጋግ ኣብ ምጽባብ ንዓለምና ናብ ቁሸት ክትቕየር ሓደ ካብ ደፋኢ ሓይሊ ኮይኑ ኣሎ። ሻውሰር ነዛ ዝመስርሓ ቓል ኣብዚ ዘመንና ወርይቲ ከም ዝኾነት እንተዝርእይ ነይሩስ እንታይ ኮን ምተሰምዖ።



## ነርድ

መጀመርያ ነዛ ቓል ኣብ 'ኢፍ ኣይ ራን ዘ ዙ' እትብል ድርሰቱ እተጠቀመላ ፍሉጥ ናይ ህጻናት መጻሕፍቲ ደራሲ ዶር. ሰውስ እዩ። ኣብታ መጽሓፍ ብስእሊ ገሊጽዎ ከም ዘሎ ድማ እዚ ነርድ እተባህለ ፍጡር ጸሊም ማልያ ዝወደየ ገምጋር፡ ዘራውን ጨራምን ምኳኑ እዩ። እንተኾነ ኣብዚ ሕጂ እዋን እዛ ቓል በቲ ደራሲኣ እተጠቕመሉ ገጽ ባህሪ ዘይኮነስ ብኻልእ ኣገባብ እያ ኣብ ጥቕሚ ትውዕል ዘላ። እዛ ነርድ እትብል ቃል ንሓደ ደጋዊ ትርኢቱ (ኣከዳድናኡ)ን ጠባዩን ካብ ከባቢኡ ፍልይ ዝበለ ሰብ (ብኣሉታዊ መንገዲ) እትውክል ቃል ኮይና ኣላ።






## ትዊን (Tween)

እዛ ቃል ምስ ትዊን እትብል ንመናቱ እትገልጽ ቃል ምምስሳል እኳ እንተሃለዋ ትርጉማ ግን ካብኣ ፍልይ ዝበለት እያ። እዛ ቃል ብደራሲ ጀይ.ኣር.ኣር. ቶልኪየን እተማህዘት እያ። ኣብታ 'ሎርድ ኦፍ ዘ ሪንግስ' እትብል መጽሓፉ ድማ ነቶም ኣብ ዕድመ ዕስራታት ዝርከቡ 'ሆቢት' ተባሂሎም ዝጽውዑ ልብወለዳውያን ፍጡራት እትገልጽ እያ። "ትዊን ሆቢት ካብ ዕስራ ክሳብ ሰላሳን ሰለስተን ኣብ ዘሎ ዕድመ ዝሕልፍዎ ምስግጋር ካብ ቀልዕነት ናብ ሰብኣይነት እዩ። ኣብዚ ዕድመ'ዚ ሆቢት ኣዝዮም ዘይሓላፍነታውያን እዮም፡" ብምባል ደራሲኦም ኣብታ መጽሓፍ ይገልጾም። እዚ ናይ ትዊን ሆቢት ጠባይ ምስ ጠባይ ኣብ ዕድመ ግርዝውና ወይ ኩትትና ዝርከቡ ደቂ ሰባት ዝመሳሰል እዩ። እንቋዕ ጥራይ ከም ናይ እዞም ልብወለዳውያን ፍጡራት ን13 ዓመታት ዘጸንሕ ኣይኮነ!

## ሚም (Meme)

እዛ ሚም እትብል ቃል ተጠቀምቲ ኢንተርነት ብኻልእ መንገዲ እዮም ዝፈልጡዋ። ኣብኡ ንዝልጠፉ ጽሑፍ ዘለዎ መስሓቕ ስእልታት ሚምስ (memes) ብዝብል ኣርእስቲ ስለ ዝርከቡ። እንተኾነ እዛ ቃል ብተመራማሪ ስነ-ህይወት ሪቻርድ ዳውኪንስ እተማህዘት እያ። ንሱ ኣብ 1976 እዩ ንመጀመርያ እዋን ነዛ ቃል እተጠቕመላ። "ሚም ዝበሃል ሓደ ሓሳብ፡ ጠባይ፡ ኣረኣእያ ወይ ቅዲ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክዝርጋሕ እንከሎ እዩ። እዚ ድማ ዘመናዊ ሳዕስዒት፡ ሓድሽ ቅዲ ክዳን፡ ተክኖሎጂያዊ ንብረት ወይ እዋናዊ ቃል (catchphrase) ንምግላጽ ንጥቀመሉ። ሚም ልክዕ ከም ቫይረስ ይቕልቀል፡ ይዝርጋሕ፡ ይልወጥ ኣብ መወዳእታ ድማ ይመውት፡" ብምባል ሪቻርድ ይገልጽ።

## ግረምሊን

ኣብ ግዜ ቀዳማይ ኩናት ዓለም፡ ኣብቲ ብሮያል ናቫል ኤር ሰርቪስ ዝፍለጥ ሓይሊ ኣየር ብሪጣንያ፡ ግረምሊን ዝበሃሉ ኣብ ልዕሊ ነፈርቶም መካኒካዊ ጸገማት ዘውርዱ ንኣሽቱ ፍጡራት ኣለዉ እናበሉ ንሓድሕዶም ይጨራረቑ ነይሮም። እዞም ፍጡራት ህሉዋት ዘይኮኑስ ልብወለዳውያን እዮም። እዛ ቃል ድማ በቲ ብዘጽሓፎም ኣባህርርቲ ናይ ህጻናት ጽሑፋት ፍሉጥ ዝኾነ ሮልድ ዳህል እያ ናብ ፍልጥቲ ቃል እተለወጠት። ኣብታ 'ዘ ግረምሊንስ፡ ኤ ሮያል ኤርፎርስ ስቶሪ' እትብል መጽሓፉ ድማ ጠቒሶም። ካብዛ መጽሓፍ ዝማዕበላኣን



ግረምሊንስ ዝብል ኣርእስቲ ዘለወን ፊልምታት እውን ተሰሪሐን እየን።

# ሕጊ ንስኻትን ዕብየትን

ብሚኒስትሪ ፍትሒ ዝዳሎ ሲቪካዊ ኣስተምህሮ

# ምድምዳም መርዓን ኣገደስቲ ረቛሒታት ንሕጋውነት ውዕል መርዓን

ሲቪላዊ ሕጊ፡ ነቲ ውልቀሰባት ኣብ ሓድሕዶም ዝፈጥርዎ ዝምድናታት ብሓፈሻ ዝገዝእ ሕጊ ኮይኑ፡ እዚም ዝፍጠሩ ዝምድናታት ከኣ ምእንታን ንናይ ኩሎም ወገናት ረብሓታት ርትዓዊ ብዝኾነ ኣገባብን ምስ ክብርታት ሕብረተሰብ ብዘሳነን ኣገባብ ንምምሕዳሩ ከም ዓንዲ ኮይኑ ዘገልግሉ መምርሒታትን መትከላትን ኣብ ውሽጡ ሓቝፉ እንርከቦ ሕጊ'ዩ። ሕጊ ስድራቤት ከኣ ነታ ከም ቀንዲ ማሕበራዊ ጉጅለ ሕብረተሰብን ኣብ ደቂ ሰባት ዓቢ ኣገዳስነትን ግደን ዘለዋ ትካል ዝኾነት ስድራቤት ሓለዋ ይገብረላ። እዚ ሕጊ ስድራ ቤት'ዚ ከኣ ከም ሓደ ኣካል ናይዚ ሲቪላዊ ሕጊ'ዚ በዞም ልዕሊ'ም ዝተገልጹ ዕላማታት'ዚኦም ዝምራሕ ዓውደ ሕጊ'ዩ። ስድራ ቤት፡ ኣብ ኣቃውማኣ፡ ብመውሰቦ ትቖውም፡ ኣጦ ኣደን ደቆምን ምስኦም ዚነብሩ ካብ ቤተሰብ ወይ ካልእ ኣካል እታ ቤተሰብ ዝኾኑ ከኣ ዝርከብዎ፡ ብናይ ስጋዊ ዝምድና (ናይ ደም ምትእስሳር)፡ ብመገዲ መውሰቦ፣ ብወለድን ደቆምን ወይ ካብቲ ባህርያዊ ዝምድና ወላድን ውሉድን ወጻኢ ብኸም ወላድ-ጡብ ብምርዓም ብዘተዛመዱ ኣካላት ትጥርነፍ ኣሃዱ ሕብረተሰብ'ያ። ከምኡ ስለዝኾነት ከኣ ብዘተፈላለዩ መንገድታት ንማሕበራዊ ህይወት ደቂሰባት ትጻሉን ትቕልሶ፣ መላግቦ ናይ ማሕበራዊ ኮምን ሕብረተሰብን ድማ ኢያ።

ስድራቤት መሰረታዊትን ባህርያዊትን ኣሃዱ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ስለዝኾነት ኩነታት ሓንቲ ስድራ ቤት እምበኣር ነታ ስድራ ወይ ንኣባላት እታ ስድራ ቤት ጥራይ ዝጸሉ ወይ ዘገድስ ዘይኮነስ ነቲ ብጥምረት ስድራቤታት ዝቖውም ሕብረተሰብ ብሓፈሻን ንዛገርን ዝምልከትን ዝጸሉን'ዩ። ስለዚ ሕጊ ስድራ ንኣቃውማ፣ ኣካይዳን ካልኦት ምስኦም ተቶሚዶም ዚኾኑ ጉዳያት ስድራ ቤታት ዝማእከለ ሕጊ ኮይኑ፡ እዞም ዝሰዕቡ መሰረታውያን ዕላማታት ድማ ኣለውዎ፦

- ምሕብባብ፡ ሓድሕዳዊ ወህደትን ሰላምን ስድራ፣

- ምርግጋጽ ናጻ ድልየትን ማዕርነትን ተጻመድቲ፣

- ምውሓስ ረብሓን ድሕነትን ህጻናት፣

- ምስሳን ፍቕርን ሓልዮትን ኣባላት ስድራ ቤት፣ ከምኡውን

- ከም ድምር ወጽኢት ናይዞም ልዕሊ'ም ዝተጠቕሱ ዕላማታት ድማ ኣብ ጽኑዕ መሰረት ዝህነጽ ምዕቡል ሕብረተሰብ።

ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ብሲቪላዊ መርዓ፡ ሃይማኖታዊ መርዓን፡ ልምዳዊ መርዓን ዝፍለጡ ሰለስተ ኣገባባት መርዓ ከም ዘለዉ ይደንግግ። ንሓደ ካብዞም ኣብ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ዝተዘርዝሩ ዓይነታት መርዓ ተኸቲሉ ዝምስረት ሓዳር ሕጋዊ ኽኸውን ከኣ ክማልኡ ዘለዎም ዝተሓተቱ ኣገደስቲ መለክዒታትን ረቛሒታትን ድማ ኣለዉ። ካብዞም ኣገደስቲ ረቛሒታት መርዓ ንምጥቃስ ኩሉ፡ ተጻመድቲ ንመርዓ ብቑዓት ዝገብሮም ዝተሓተ ዕድመ፡ ኣብ ሞንጎ ተጻመድቲ ክህሉ ዝሕተት ርሕቀት ናይ ደረጃ ዝምድና፡ ብተጻመድቲ ክምስረት ኣብ ዝተወጠነ ሓዳር ኣፍስወከፍ ተጸማዲ ኽለዎ ወለንታዊ ፍቓድን ዘረጋግጽ ምሉእ ፍቓደኛ ክጥቀሱ ይኽእሉ። እዞም ረቛሒታት ከኣ ኣብ ኩሎም ብመሰረት ሲቪላዊ ሕጊ ዝምስረቱ ዓይነታት መርዓ ማዕረ ተፈጻምነት ክህልዎም ዝተደልዩ ዝተሓተቱ ተደላይነታት ኢዮም። ውዕል መርዓ ብዝኾነ ኣገባብ ይፈጸም፡ እዞም ኣገደስቲ ረቛሒታት ኣብ ምፍጻም ወይ ዘይምፍጻም ውዕል መርዓ ወሳኒ ግደ'ዩ ዘለዎም።

ከም ውዕል፡ ለበዋ ወይ'ውን ዝኾኑ ኣብ ስምምዕ ዝምርኮሱ ሕጋዊ ተግባራት ፍቓድ ወይ ድሌት ናይ'ቶም ተዋዓእቲ ወገናት ክህሉ ግድን'ዩ። መርዓ 'ውን ኣብ ፍቓድ (ድልየት) ናይ መጻኢ ተጻመድቲ ዝምርኮስ ስለዝኾነ ተጻመድቲ ካብ ዝኾነ ጸልዋ ነጻ ብምዃን ውዕል መርዓ ናይ ምፍጻም ፍቓዶም (ድልየቶም) ክገልጹ ይግባእ። ምግላጽ ፍቓድ (ድልየት) ንመርዓ ክብሀል ከሎ፡ ዝተፈላለዩ ነጥብታት ዝሓዘ እዩ።

ተጻመድቲ ነቲ መርዓ ብድልየቶም (ብምሉእ ፍቓዶም) ይፍጽምዎ ምህላዎም ንምርግጋጽ ምእንቲ ክሕግዝ ከኣ ተጻመድቲ ነቲ መርዓ ናይ ምፍጻም ፍቓዶም (ድልየቶም) ኣብ ቅድሚ ውዕል መርዓ ክፈጽሙ ብሕጊ መዚኑ ዝተዋህቦም ኣካላት ብኣካል ባዕሎም ተረኺቦም ክገልጽዎ ይግባእ። ውዕል መርዓ ክፈጽሙ ብሕጊ መዚኑ ዝተዋህቦም ኣካላት ከኣ ተጻመድቲ ብድልየቶም (ብምሉእ ፍቓዶም) ነቲ ውዕል መርዓ ይፍጽምዎ ምህላዎም ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ኣለዎም። ፍቓድ ወይ ድሌት ንምግላጽ ከኣ ኣእምሮኣዊ ብስለትን ጥዑይ ኣእምሮ ክህሉን ወሳኒ ስለዝኾነ ፍቓድ (ድልየት) ክገልጽ ዝኽእል ሕጋዊ ተግባር ናይ ምፍጻም ብቑዓት ዘለዎ ሰብ ጥራይ እዩ። ሕጋዊ ተግባር ክፍጽሙ ከም ዘይክእሉ ብሕጊ ዝተገልጹ ሰባት ከኣ ንትሕቲ ዕድመን ፍሉጥ ዝኾነ ናይ ኣእምሮ ስንክልና ዘለዎም ሰባትን ከም ኣብነት ክጥቀሱ ምጥቃስ ይከኣል።

እዞም ተደላይነታት ወይ ረቛሒታት ኣሲኻ ዝግበር ውዕል መርዓ ሕጋዊ ሳዕቤን ኣለዎ። ኣብ'ቲ ዘይሕጋዊ መርዓ ንዝተሳተፉ ተጻመድቲ፡ ንመሰኻክር፡ ቃል ኪዳን ዝኣሰረ በዓል መዚ ብዝኾነ ዘሕትት ከኣ ክኸውን ይኽእል።

ፍሉጥ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዘለዎም ዝኾነ ወይ ፍሉጣት ሕጋዊ ተግባር ከይፍጽሙ ብሕጊ ዝተኸልከሉን ሰባት ብዘይ ፍቓድ ቤት ፍርዲ ውዕል መርዓ ክፍጽሙ ኣይኽእሉን። ከም'ዚ ዝበለ ሕቶ ዝቐረበሉ ቤት ፍርዲ ሓፈሻዊ ኩነታት ናይ'ቲ ብሕጊ ዝተኸልከለ ሰብ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ነቲ ዝቐረበሉ ውዕል መርዓ ናይ ምፍጻም ሕቶ ከፍቅድ ወይ ክነጽግ ይኽእል።

ምስ ፍቓድ (ድልየት) ምግላጽ ተኣሳሲሩ ክርአ ዝግባእ ሳልሳይ ነጥቢ ከኣ ነቲ ዝወሃብ ፍቓድ ወይ ወለንታ ኣብር ከም ዘህልዎ ክገብሩ ካብ ዝኽእሉ ከም ሓይሊ ምጥቃም ወይ ምግዳድ፡ ምፍርራሕ ወይ መሰረታዊ ጌጋ ነጻ ክኸውን ከም ዝግባእ እዩ። ሓደ ሰብ ንኣብሱ፡ ንወለዱ ወይ ንውላዱ ካብ ከቢድን ብቐሊሉ ክውገድ ካብ ዘይክእል ሓደጋ ንምድሓን ኢሉ ዝሀቦ መርዓ ናይ ምፍጻም ፍቓድ (ድልየት) ብጸቕጢ ዝተዋህበ ፍቓድ ስለዝኾነውን ብሕጊ ተቐባልነት ኣይህልዎን። ብተመሳሳሊ መገዲ፡ ብመጸምዲ ዝፍጸም መሰረታዊ ጌጋ ኣብ ምሃብ ፍቓድ (ድልየት) 'ውን ሓደ ካብ'ቲ ነቲ ዝተዋህበ ፍቓድ ኣብር ከም ዘህልዎ ዝገብር ስለዝኾነ፡ እቲ ፍቓድ ብነጻ ድልየት ከም ዘይተዋህበ እዩ ዝረድእ። ኣብ ሰብኣዊ መንነት ናይ መጻምዲ ዝፍጸም ጌጋ ከኣ ከም መሰረታዊ ጌጋ'ዩ ዝውሰድ። ሓደ ካብ'ቶም መጻምዲ ብናይ ካልኦት ናይ ምትላል ተግባር ከይተጸልወ ወይ ናይ ካልኦት ናይ ምድንጋር ተግባር ከይተሓወሶ ባዕሉ ዝፈጸሞ ጌጋ ከም መሰረታዊ ጌጋ ክውሰድ ዝኽእል እቲ ዝተመርዓዎ/ወቶ ሰብ፡ ዝደልዮ/ትደልዮ ዘይኮነ/ት ዝተፈላለየ ምኽንያታት ብዘጠንቅቁ ጌጋ ምዃኑ ክረጋገጽ እንተኽኢሉ ንዝፈጸሞ/መቶ ውዕል መርዓ ዝሰርዞ ፍቓድ ካብ መሰረታዊ ጌጋ ዝተቐለ ስለ ዝኾነ ብውሳነ ቤት ፍርዲ ክፈርስ ይኽእል።

### ኣብነት፦

ምስ እገለ ውዕል መርዓ እንተ ዘይፈጸምካ ንወለድኻ ክንቀትለም ኢና ዝበል ከቢድ ምፍርራሕ ዝሓዘለ መልእኽቲ ዝበጽሖ ሰብ ብዝሓደሮ ፍርሒ ዝተባህሎ ውዕል መርዓ ምስ ዝፍጽም፣ እቲ ኣብ ምፍጻም ውዕል መርዓ ዝተዋህበ ፍቓድ (ድልየት) ብነጻ ድልየት ዝተዋህበ ስለ ዘይኮነ፡ ሕቶ ምፍራስ ውዕል መርዓ እንተቐሪቡ ክፈርስ ይኽእል።

### ጓል-ኣንስተይቲ ንዳግማይ እዋን ከይተመርዓወት ትጸንሓሉ ናይ ግዜ ደረት

ኣቐዲሙ ምርዕዋት ዝበረት ጓል ኣንስተይቲ፡ እቲ ቀዳማይ መርዓኣ ብሞት መጻምዳ ድሕሪ ምፍራሱ 306 (ሰለስተ ሚእትን ሽዱሽተን) መዓልቲ ጸኒሓ ጥራይ እያ ካልኣይ ውዕል መርዓ ክትፍጽም ትኽእል። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ቀዳማይ መርዓኣ ዝተቛረጸ (ዝፈረሰ) ጓል ኣንስተይቲ ን306 መዓልቲ ከይተመርዓወት ክትጸንሕ ይግባእ ማለት እዩ። እዚ ናይ ግዜ ደረት ዘድለየሉ ምኽንያት ቀንዲ ምኽንያት ምስ ባህርያዊ ተፈጥሮ ብምትእስሳር ኣብ ሞንጎ ቀዳማይን ዳሕራዋይን መጻምዲ ክለዓል ዝኽእል ናይ ኣቦት ምርግጋጽ ክርክር ንምውጋድ ተባሂሉ እዩ። በዚ መሰረት ኣብ መንጎ ቀዳማይ መርዓ ዘብቅዓሉን ዳሕረዋይ መርዓ ዝተመስረተሉን ብሕጊ ምኽኑይ ዝኾነ ናይ ግዜ ፍልልይ እንተዛለወ፡ ኣብ መንጎ ናይ ዝውለድ ቆልዓ ኣቦት ንምፍላጥ ብዙሕ ኣጸጋሚ ኣይከውንን። ይኹን እምበር፡ እዚ ናይ 306 መዓልታት ከይተመርዓኻ ናይ ምጽናሕ ግዜ ዕላማኡ ጉዳይ ምርግጋጽ ኣቦት ኣጠራጣሪ ንከይከውን ስለዝኾነ እዛ ጓል ኣንስተይቲ ዝ. 306 መዓልቲ ከይተጸበየት ካልኣይ ውዕል መርዓ ክትገብር ቤት ፍርዲ ከፍቅደላ'ውን ዝኽእለሉ ምኽንያታት ኣብ ሕጊ ተዘርዚርም ኣለው። እዚ ዝኾውን ከኣ በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት'ዩ፦

### እታ ሰበይቲ፦

(ሀ) ድሕሪ ምፍራስ ናይቲ መርዓ ቆልዓ ምስ እትወልድ፡

(ለ) ብውሑዱ ሰለሳ መዓልትታት ድሕሪ ሞት ሰብኣያ፡ ኣብ ዝኾነ ግዜ፡ ደቂ ከም ዘይብራ ዚገልጽ ናይ ሓኪም መረጋገጺ ነቲ መርዓ ዚፍጽም በዓል መዚ ምስ ተቕርብ፣

(ሐ) ሓምሳን ክልተን ዓመት ዕድመ ምስ ዝህልዋ፡ ወይ

(መ) ቅድሚ ሞት ሰብኣያ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ሚእትን ሽዱሽተን መዓልትታት ብዘይ ምቍራጽ ካብ ሰብኣያ ተፈልያ ትቕመጥ ምስ እትነብር።

### ወጽኢት መርዓ

ድሕሪ ምድምዳም ውዕል መርዓ ሰዒቡ ዝመጽእ ሕቶ ተጻመድቲ ዝፈጸምዎ ውዕል ኣብ ልዕሊኦም እንታይ ሕጋዊ ወጽኢት (ሳዕቤን) ኣለዎ? ዝብል ይኸውን። ኣብ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ተገሊጹ ከም ዘሎ ኣብ መንጎ ተጻመድቲ ውዕል መርዓ ምስ ተፈጸመ፡ በቲ ተፈጢሩ ዘሎ ሕጋዊ ወጽኢት ዝሃብ ዝምድና ብኡንብኡ ሰብኣውን ንዋታውን ወጽኢታት ይፍጠሩ። እዞም ወጽኢታት መርዓ፡ ውዕል መርዓ ብምፍጻም ጥራይ፡ ብመሰረት ሲቪላዊ ሕጊ ኣብ ዝደምደሙ ኣብ ሰለስቲኦም ዓይነታት መርዓ ብዘይ ኣፈላላይ ማዕረ ተፈጻምነት ዝህልዎም'ዮም።

ንተጻመድቲ ብሕጊ ካብ ዝተዋህቦም መሰረታውያን መሰላት ሓደ፡ ተጻመድቲ ቅድሚ መዓልቲ መርዓዖም ንንዋታዊ/ንብረታዊ ሳዕቤናት ወይ'ውን ንሰብኣዊ ሳዕቤናት መርዓዖም ዝገዝእ ውዕል ክሰማምዑ ዝኽእሉ ምዃኖም'ዩ። እዚ ክበጽሕ ዝኽእል ውዕል ግን ንቀየድቲ ድንጋገታት ሕጊ ተማእዚዙ ጥራይ ኢዩ ክፍጸም ዝኽእል። ካብዚ ብዝተፈልየ፡ ድሒሩ ኣብ እዋን ሓዳር ዝበጽሕዎ ንንዋታዊ/ንብረታዊ ሳዕቤናት ወይ'ውን ንሰብኣዊ ሳዕቤናት መርዓዖም ዝገዝእ ውዕል ከኣ ፍቓድ'ኳ እንተ'ኾነ፡ ተቐባልነት ክህልዎ ዝኽእል ግን ብቐማግለ ቤት ዘመድ ወይ ብቤት ፍርዲ ምስ ዝጸድቕ ጥራይ ስለዝኾነ ግን ብቐማግለ ቤተ ዘመድ ወይ ብቤት ፍርዲ ዘይጸደቐ ውዕል ወጽኢት ኣይህልዎን። ከም'ዞም ዝተገልጹ ዓይነታት ውዕል ሕጊ ብዘፍቅዶ መጠን ንሰብኣውን ንዋታውን ዝምድናታት ተጻመድቲ ክገዝኡ ዝኽእሉ ኮይኖም ከምዚኦም ዓይነታት ውዕል ምስ ዘይህሉ ወይ ድማ እቲ ውዕል ብሕጊ ብቑዕ ምስ ዘይከውን ከኣ ኣብ ሲቪላዊ ሕጊ ዝሰፈሩ ንሰብኣውን ንዋታውን ዝምድናታት ዝገዝኡ ድንጋገታት ምሉእ ተፈጻምነት ይህልዎም።

ይቕጽል

# ኤርትራዊ ማሕበር “ኤሪ-ቻይልድሁድ” ኣብ ጉድኒ ስንኩላን ህጻናት

ዳህላክ ነጋሲ

ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ናይ ዓለም ዝርከቡ ኤርትራውያን፡ ፍቕሪ ሃገሮምን ህዝቦምን ወትሩ ኣብ ልቦም ዝተሰረተ'ዩ። መርኣያ ፍቕሮምን ጸኒዕ ሓድነቶምን ከኣ፡ ዝተፈላለያ ማሕበራት ብምምስራት፡ ንጸገማት ዜጋታት ኣብ ምሕጋዝ ይነጥፉ። እዚ ንጸገም ወገኑ ናይ ምሕጋዝ ተግባር፡ ኣብ'ቶም ዓቢይቲ ጥራይ ከይተሓጽረ፡ ሱር ሰዲዱ ብምስዋድ ናብ ደቆም'ውን ሓሊፉ ይርከብ። ንለሚ ኣብ ሃገረ ሽወደን ዝቕመጡ ኤርትራውያን መንእሰያት፡ “ኤሪ-ቻይልድሁድ” (Eri-childhood) ዝብል ማሕበር መስሪቶም ዝኻየድዎ ንጥፈት ዝምልከት ዓንቀጽ ኢና ከቕርበልኩም።

እዞም መንእሰያት እዚኣቶም፡ ብመገዲ'ቲ ዘመስረትዎ ማሕበር ኣቢሎም፡ ኑቶም ከቢድ ኣእምሮኣዊን ኣካላዊን ስንክልና ዘለዎም'ሞ፡ ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ኣገልግሎት ፊዝዮትራፒን ሪሃብሊተሽንን ዝወሃበሎም ዘለዉ ስንኩላን ህጻናት'የም ንዋታዊ ሓገዝ ኣበርኪቶም። መንእሰያት ማሕበር “ኤሪ-ቻይልድሁድ”፡ ብቁጽሪ ውሑዳትን ድኑት ዓቕሚ ዘለዎምን ክኾኑ፡ ቅድሚ ክልተ ዓመት ናብ ኤርትራ ኣብ ዝመጽሉ፡ ከኒታት ናይ'ዞም ህጻናትን ወለዶምን ምስ ተዓዘቡ፡ ሰብኣዊነት ዝተመልአ ዕማም ንምፍጻም'የም ተገዲሶም። ከም ድሌቶምን ባህጎምን ከኣ፡ ብ19 ነሓሰ፡ ኣዝዮን ምዕቡላትን ብቐሊሉ ክዝርጋሓን ክዕጸፉን ዝኽእላን 50 ዓረብያ ስንኩላን (ዊልቸራት)፡ ኑቶም ህጻናት ኣበርኪቶምሎም። እቲ ተበርኪቱ ዘሎ ሓገዝ ብገንዘብ ክትመን ከሎ፡ ንሓንቲ ዓረብያ ብሕሳብ 350 ዩሮ ኩይኑ፡ ብጠቕላላ ልዕሊ 17 ሽሕ ዩሮ ዝበጽሕ'ዩ። ብዘዘበርዎ ሰናይ ተግባር ከኣ ንብዙሓት መንእሰያት ኣርኣያ'ዮም። እቲ ምንታይ ወለዲ እዞም ህጻናት፡ ናብ ማእከል ሕክምናን ካልእን ኣብ ዝንቀሳቐሱሉ ኣብ ዝባኖም ንምሕዛል፡ ነታ ብርሃና ጽልግልግ ዝበለት ህይወት ደቆም፡ ብዘውንንዎ ተስፋ ብርሃን ንምስኳዕ ዝቃለሱ እዮም። ስለዚ፡ እዞም መንእሰያት ብዘዘበርዎ ደገፍ ንወለዲ እዞም ህጻናት ዓቢ እፎይታ ፈጢሮም ይርከቡ።

ጸገም፡ ዓይነቱን ብርታዐኡን ብዘየገድስ፡ ክትፍጥር ወይ ምንባር ምስ ተጀመረ ኪጋጥም ይኽእል። ወላ'ውን እቲ ጸገም እንተመረረን እንተበርትዐን፡ ህይወት ክትቅጽል ግድን ስለዝኾነት፡ ብዮሒላ ምንባር ከድሊ'ዩ። ስነስርዓት ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ዶክተር ሃብተኣብ መሓሪ፡ ኣብ ዘሰምዖ ናይ መኽፈቲ ቃል፡ ኣገልግሎት ፊዝዮትራፒ ካብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ዝጀመረ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ድሕሪ ናጽነት'ውን ብዝሓየለ መልክዑ ሳላ ዝቐጸለ፡ ብዙሕ ዕዮ ክሰርሕ ከም ዝኸኣለ ሓቢሩ። “ኣብ እዋን ጥንሲ ብዘጋጥም ጥዕናዊ ጸገማት፡ ኣብ ህጻናት ከም'ዚ ዓይነት ስንክልና ይስዕብ'ዩ። ጠንቅታት ንምጉዳል ጥዕና ኑብሱጾራት ኣደታት ንምሕላውን እኹል ኣፍልጦ ንኽህሉን ሚኒስትሪ ጥዕና ቀጻሊ ጻዕርታት የካይድ ኣሎ” ዝበለ ዶ/ር ሃብተኣብ፡ ስንክልና ዘጋጠሞም ህጻናት፡ ናብ ማእከል ጥዕና ክመጹን ግቡእ ሕክምናዊ ክንክን ክረኽቡን ዜማታዊ መሰሎም ከም ዝኾነ ገሊጹ። ምንባይ ስንኩላን ግን ንወለዲ ጥራይ ህይወቶም ክመርሑ በቒዖም ደርከቡ። ካብ'ዚኣቶም 12% ምስ መዛንኦም ናብ ትምህርቲ ዓለም ብምጽንባር፡ ክሳብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ክፍሊ በጺሖም ኣለዉ። ኣብ'ዚ ዝሓለፈ እዋናት፡ ቀንዲ ኣብ ስድራቤት እዞም ህጻናት ብምትኳር፡ ብልዑል ጻዕሪ ክሰርሕ ጸኒሑ። እንተኾነ ህጻን ቅልጡፍ ወይ'ውን ጠቕላላ ጥዕናዊ ዕቤት እንተዘየርኣየ፡ ኣብ ኣእምሮ ወለዱ ከቢድ ሻቕሎትን ጸቕጥን ስለዝፈጥር፡ ኣብ መስርሕ ፍወሳ ዕንቅፋት ይፈጥር ኣሎ” ክብል ንሓፈሻዊ ኩነታት ተመዚጊቡ ዘሎ ዓውትን ኣብሪሁ።

ስድራቤት እዞም ህጻናት ጸገማቶም ዘፉኽሱ፡ ኣካላዊን ንዋታዊን ሓገዝ ካብ ኩሉ ዜጋ'ዩ ዘድልዮም። እዚ ናይ ምሕጋዝ መደብ ቅድሚ ክልተ ዓመት ዝጀመረ ኩይኑ፡ ኣቦላት “ኤሪ-ቻይልድሁድ” ዝኾኑ ክልተ መንእሰያት፡ ነተን ካብ እዋን ወሊድ ክሳብ ደቂ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ዝኣኽሉ ኣብ ዝባን ዝሓዝኦም ኣደታት ብኣካል ምስ ተዓዘቡ፡ ኣብ መጻኢ ሓገዝ ከበርክቱ ቃል ከም ዝኣተዉ ኣቶ ጉብርሂወት ገሊጹ። “እዞም መንእሰያት ዘበርከትዎ ዓረብያ ስንኩላን፡ ኑቶም ካብ ኩሉን ዞባታት ዝመጹ፡ ኣብ ምልዓልን ምእላይን ደቀም ናይ'ቲ ምዕዓል ሓገዝ'ውን “ህይወት ይቕጽል” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ'ዩ ተኻይዱ። እዚ ዘረድኣና ከኣ፡ ኣብ'ታ ሓንሳብን ዘይትድገምን ምንባር፡ ዋላ ዓቢ ጸገም እንተኣጋጠፈ፡ መፍትሒ ኣብ ምንዳይ ደኣ'ምበር፡ ንያት ኣዕራቢካ ኣብ ምስቁርቋርን ምምራርን ምኢታው ፋይዳ ከምዘይብሉ'ዩ። እዞም ህጻናት'ውን ስድሪ ከይሰነሙ'ዮም ህይወት ብሸግር ማዕጾኣ ኣርሒያትሎም። ዘጋጠሞም ሽግር ምርጨኦም'ኳ እንተዘይኮኑ፡ ንሶም ይኹኑ ወለዶም ወይ'ውን ሕብረተሰቦም ተስፋ ክቖርጹ ግን ኣይግባእን። ንጸገም መፍትሒ ምንዳይ ተባዕ ውሳነ ዝሓትት ምርጫ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ብዙሓት ተመሳሳሊ ስንክልና ዝበርም ሰባት፡ ንጸገሞም በዲሆም ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሑ ዝኸኣሉ ስለዘለዉ። ስለዚ፡ ኣብ'ዛ ኩሉ መሰናኽል ዝመልኣ ዓለም፡ ንብሩህ መጻኢ ተስፋ ብምስናቕን ሓቦ ብምዕጣቕን ንቕድሚት ምስጓም ኣማራጺ ዘይብሉ ምርጫ'ዩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ሜዲካል ዳይረክተር ዝግደፍ ዕማም ዘይኮኑ፡ ሕብረተሰብ ኣብ ጉድኒ'ዞም ህጻናት ብምዃኑ ክሕግዞምን ኩተባብዖምን ከምዝግባእ'ውን ኣስሚሩሉ። መንእሰያት ተቐማጦ ሽወደን ማሕበር “ኤሪ-ቻይልድሁድ” ዝገበርዎ ደገፍ ብምምስጋን ከኣ፡ ካልኦት ማሕበራት ክኽተልዎ ኣዘኻኺሩ።

ክኢላ ፊዝዮትራፒን ሪሃብሊተሽንን ኣቶ ጉብርሂወት ተኽለ ብወገኑ፡ “ኣእምሮኣዊን ኣካላዊን ስንክልና ዘጋጠሞም ህጻናት ብቑጽሪ እናወሰኹ ምስ ምምጻኦም፡ ኣብ ስድራቤታት'ውን ጸቕጢ ስለዝፈጠረ፡ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ጥዕና ምስ ላዕለዎት ኣካላት'ዚ ሆስፒታል ብምምይያጥ፡ ኣብ 2006 ዓ.ም ብናጻ ክፍሊት ተሓከምቲ ብመልክዕ ተመላላሲቲ ግቡእ ኣገልግሎት ፊዝዮትራፒን ሪሃብሊተሽንን ዝረኽብሉ ባይታ ተፈጢሩ። ኣብ ዝሓለፈ 11 ዓመታት ከኣ፡ ኣዝዮም ኣተባባዕቲ ውጽኢት ተረኺቡም ኣለው። ንኣብነት፡ 37% ካብ ተሓከምቲ ብዝረኸብዎ ሕክምናዊ ክንክን፡ ንቡር ጥዕና ወኒኖም ዚያዳ ዝጸገሙ ወለዲ ከም'ኡ'ውን ኑቶም ናይ ኣርባዕተ መሓውር ስንክልና ዘለዎም ህጻናት ተዓዲለን ኣለዋ። ኣብ መጻኢ ከኣ ሽግራቶም ኪቃልላ ተስፋ ንገብር” ወሲኹ ሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ ህጻናት ዘጋጥም ስንክልና ንምውጋድን ንምጉዳልን ቀጻሊ ጥዕና ኣደን ዕሽልን ንምውሓስ ጻዕርታት ከም ዘካይድ ዝገለጸ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ዋና ዳይረክተር ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ኣቶ ብርሃ ጉብረትንሳኤ፡ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምርካብ ስነስርዓት ተረኺቡ፡ “እዚ ዕማም'ዚ ንሚኒስትሪ ጥራይ ዝግደፍ ዘይኮኑ፡ ኩሉ ኣባል ሕብረተሰብ ንስንኩላን ናይ ምንባይ ሓላፍነት ከም ዘለዎ ዘመልክት'ዩ። እዞም ኣብከታውያን መንእሰያት ማሕበር “ኤሪ-ቻይልድሁድ” ዘበርዎ ደገፍ'ውን ናይ'ዚ ኣብነት'ዩ” ክብል፡ ንኣገልግሎት ፊዝዮትራፒ ብዝካየድዎ ዘለዉ ጻዕርታት ኣመስጊኑ።


ኣቶ ገብረሂወት ተኽለ



ኣደታት ናይ'ዞም ህጻናት ኣብ ኩሉ ንጥፈታተን ኣብ ዝባን ሓዚለናኦም'የን ዝነብራ። ምስ ኣካላዊ ዕቤቶምን ምውሳኽ ክብደቶምን ከኣ ተወሳኺ ብድሆ ይኸውን። ምስ ናተን ጥዕናዊ ጸገምን ዕድመን'ውን እቲ ብድሆ መሊሱ ይተርን። ተጋዳሊት ዛይድ ኣብርሃ ሓንቲ ካብዘን ኣደታት'ያ። ንዕላ'ውን ናይ ዓይኒ ስንክልና ዘጋጠማ'ያ። ጸገም ናይ ውላዳ ከኣ ተደራቢ ጾር ኩይኑዋ ይርከብ። እንተኾነ ንውላዳ ኣብ ገዛ ክትሕዩራ ስለዘይመረጸት፡ መራሒ ዘይብላ ውላዳ ሓዚላ'ያ ናብ ሕክምና ተማላልሳ። ናይ ብሉቕ ኣቦታዊት ኣደ። ንሳ፡ “ዝምሓገዝ ዘበርከቱልይ መንእሰያት ብልቢ ኣመስግን። ተዋሂብትኒ ዘላ ዓረብያ ድማ፡ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮ ዝበረኸ ጾር ከተፋኽሰለይ በዓልቲ ዓቢ ተስፋ'የ” ክትብል ንቲ ብኣገልግሎት ፊዝዮትራፒን ሪሃብሊተሽንን ንውላዳ ዝወሃበላ ዘሎ ፍቕርን ሓልዮትን ዝመልኦ ናጻ ሕክምናዊ ክንክን ተመስገን። ስንክልና ዘለዎም ህጻናት ኣብ ቤት ምዕባየ ካልእ ጥዕናዊ ሳዕቤን ከኸትለሎም ስለዝኽእል፡ ኩነታት ጥዕናኦም ክፈልጡን ምስ ሕብረተሰብ ክላለዩን ናብ ሕክምና ክመጽኡ ከምዝግባእ'ውን ተዘኻኺሩ።

ህጻን ካብ'ታ ዝተወልደላ ዕለት፡ ካብ ክልተኦም ወለዱ ማዕረ ናብዮትን ሓላፍነትን ረኺቡ ክዓቢ ይግባእ። እንተኾነ፡ ኣደታት ናይ'ዞም ስንኩላን ህጻናት፡ ኣብ ውላደን ዝወረደ ጉድኣት ከይኣኽለን፡ ብሰንኩ ኣብ ሓዳረን ዝስዕብ ዘይምቅዳውን ምውንጃልን ፍትሕ ዘጋጥመን ውሑዳት ኣይኮናን። ናይ ውላደን ጸገም ከይኣኽለን ተወሳኺ ኣደራዕ ይረኽባ። እዚ ዘይሰብኣዊን ዘይሓላፍነታውን ተግባር ንምውጋድ፡ ኩሉ ሕብረተሰብ፡ ብፍላይ ኣቦታት ክሳቕሕሉን ክቃለስዎን ለበዋ ኣየድልዮን።

ወ/ሮ ጉት ደመካ ምህርቲ ስነ-ምሕደራ'ያ። ካብ'ዚ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርታ ብማስተር ክትቅጽል ድሌታ ነይሩዋ። ዘይከም ትልማ ግን ዝወለደቶ ህጻን ከቢድ ስንክልና ስለዘጋጠሞ፡ ብ ናይ ኣደ ባህሪ ተቐሲቡ ቀዳምነት ውላዳ ብምስራዕ ድሌታታ ኣወንዚፋ ኣብ ምእላዩ ትርከብ። ኣብ'ቲ ናይ ዓረብያ ስንኩላን ናይ ምዕዓል ኣጋጣሚ ንኹለን ኣደታት ወኪላ ኣብ ዘቕረበቶ ጽሑፍ ድማ፡ “ኣደ ኑቲ ህጻን ደኺመን ሓሚመን ከይበለት ኩሉ ዘድልዮ ተማልኣሉ። እዋን እናነወሐ ብዝኸደ ከኣ ህጻን ይዓቢ፡ ንሳ'ውን ሓይላ ይደክም። ዘድሊ ሞራላዊን ንዋታዊን ሓገዝ ምስ ዘይትረክብ ከኣ ራኢ'ያ'ውን እናጸልመተ ይመጽእ። ብዙሕ ተስፋን ብሩህ መጻኢታት ዝነበሩ ካብ ስድራ-ቤታ ሓሊፉ ክጠቅሳን ሃገራን ብዙሕ ከተበርክት እናኸኣለት፡ ንውላዳ ክትኣሊ ኣብ ገዛ ተዓጺያ ትውዕል። እታ ኣደ ሓገዝ ኣብ ምንዳይን ተስፋ ኣብ ምቑራጽን ምስ ወደቐት ከኣ እቲ ህጻን'ውን ዘድሊ ክንክን ስለዘይረክብ፡ ሞራሉ ይኾሰ ኣደዳ ዝተፈላለዩ ተበላጺት ሕማማት'ውን ይኸውን” ክትብል ህይወት ናይተን ከምኣ ዝኣመሰላ ኣደታት ማዕረ ክንደይ ቡዓህን ሓገዝ ዝጠልብን ምዃኑ ብዝርዝር ገሊጻ።

ንሳ ኣስዒባ፡ ምስ ኩሉ ጸገማትን ብድሆታትን ህይወት ስለዘይተቋረጸ፡ ክፍሪ ዝኽእል ዓቕሚ ሰብ ኑቲ ጸገም ንምቅላስ ግዜኡ ስለዝተሓዘ ተጻዊዱ ከምዘሎውን፡ ከም ውጽኢቱ ኣብ ሕብረተሰብ ክሳራ ስለዘስዕብ፡ እዚ ንምውጋድ ካብ ውልቀ-ሰብ ክሳብ ማሕበራትን ኑቶም ህጻናት መውዓልን መእለይን ዝኾውን ናይ ሜዲካል ሪሃብሊተሽን ማእከል ክምስረት ተላቢያ። ንኣገልግሎት ፊዝዮትራፒን ሪሃብሊተሽንን፡ ሚኒስትሪ ጥዕናን ኑቶም ሓገዝ ዘበርከቱ ማሕበር “ኤሪ-ቻይልድሁድ”ን ከኣ ብስም ኩሎም ወለዲ ልባዊ ምስጋና ኣሶሚዓ።

ጠንቂ ኣብ'ዞም ህጻናት ዘጋጥም ስንክልና ብዙሕ'ዩ። እቶም ቀንዲ ግን እቲ ህጻን ቅድሚ ንቡር ግዜ ምስ ዘውለድን ብተፈጥሮ ምስ ዘጋጥሞን'ዩ። ኑቲ ዝስዕብ ኣእምሮኣዊን ኣካላዊን ስንክልና ንምፍዋስ ከኣ፡ ሰፊዕ ኣጉዕብ ኣፈዋውሳ ፊዝዮትራፒን ሜድካል ሪሃብሊተሽን ይካየድ።



# ቅንስትዮ

ነጃት ኣድም

## በዓል-ቤትኪ ይሓትኪ ኣሎ...

በዓልቤት ካብ በዓልቲቤቱ እንታይ'ዩ ዝደሊ? እቲ መልሲ ካብኡ ጥራይ ኣይተኣናን ንጽቡ፡ ትጽቢት ጥራይ'ውን እኹል ኣይኮነን፡ ትጽቢቱን ትጽቢታትናን ክሰኽ ክኽእል ኣለዎ፡፡ ካብ ባዶ ትምኒት ወጺና ኣብ ክውንነት ምእንቲ ክንሰርሕ፡ ብዘየገድስ ኩሉ ግዜ ከምቲ ኩንሌይ ከምዚ'ባ ክትከውን ኤሩካ እናበልና ንፈትሖ ነገር ኣይኮነን፡፡ እቲ ናይ ብሓቂ ክንብሎ እንደሊ ኣብ ውሽጥና ዝተዓበየ ድሌታት ኣብ ቀድሚ መጻምድትና ዘይነውጽኦ ንኽእል ኢና'ሞ፡ እስከ ዝበን ዝስዕብ ነጥብታትን ሕቶታትን ኣንቢብና፡ በዓልቤትና ናይ ብሓቂ እንታይ ይደሊ ካብና ነጽሀልል፡፡

• ንስኺ እታ እኽኮ በዓልቤትኪ ክውንና ዘሎዎ ሓቀኛ መሓዛ (ብጺይቲ) ሰብ ክትከዊ እዩ ዝጥቦኣኪ፡፡ እሞ'ኸ ናይ ብሓቂ ከምኡ ዲኺ?

• እቲ በዓልቤትኪ ካብዚ ምሕዘትት (ብጻይነት) ክረኽቦ ዝደሊ ነገራት'ከ ብ ግ ቡ እ ትፈልጢ'ዶ?

• ንበዓል-ቤትኪ እቲ ዘበለጸ ደገፍኪ ዝ ሃ ብ ኩ ሉ ግዜ፣ ኣበየናይን ኩነታትን መዓስን እዩ ነይሩ?



ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ምብህዛል ካብ ደቀንስትዮ ቁሩብ ጉድል ይብሉ እዮም፡፡ በዓልቤት ብዙሕ ክገልጾ ዝደሊ'ሞ ግን ዝኸብዶ ነገር እዩ፡፡ እቲ ካብ ደቀንስትዮ መጻምድቲ ብዝዕባ መጻምድቲተን ዝመጽእ ዝያዳ ክሲ ከኣ እዚ እዩ፤ (ኣይዛረቡን እዮም፣ ኣይሰምዑን እዮም፣...) በሊ'ሰኪ-

• እተን ኣብ ዝምድና (ሓዳር) ዝርከብ ሓሙሽተ ደረጃታት ምብህዛል ትፈልጢየን'ዶ? ማለት ግዜያት (ወርዘት (ዝምድና ፍቕሪ)፣ ሕጽኖት፣ ምህናጽ ሓዳር፣ ባዶ ሰፈር (ማሰፈሪ)፣ ፍቱሕ/ፍትሕቲ)፡፡

• ኣረ ስለምንታይ እዮም ደቂ-ተባዕትዮ ምስ መጻምድቶም ኣብ ዝዙበርዎ ዝርርብ ቀልጢፎም ዘንሳሕቡ?

• ንበዓል ቤትኪ ብኸመይ ኢኺ ንፍሉይነቱ ተቐቢልኪ ከተፍቅርዮ ክትመሃሪ ትኽእሊ?

• ምስ በዓል ቤትኪ ኣብዚ ግዜ'ዚ ዘለኪ ናይ ምብህዛል ብቕዓትኪ ብኸመይ ትግምግምዮ? ንኸተማሓይሽዮ'ኸ እንታይ ክትገብሪ ኣለኪ?

• ኣብ ዝምድናኹም ዝረጋጥሙ ዝተፈላለዩ ግርጭታት ኣብ ምፍታሖም'ከ ከመይ ኢኺ?

• ብመሰረት ዝተፈላለዩ ጸሓፍቲ፣ ደቂ ተባዕትዮ ንግርጭታት ከወግዱ፣ ክንትገ፣ ክፍውሑ ወይ ክፈትሑ ይኽእሉ ይብሉ፡፡ እዋናዊ ኣንፈት በዓል ቤትኪ'ኸ ከመይ እዩ ዘሎ?

• ምስ በዓል ቤትኪ ኣብ ዝረአ ግርጭታት ክትፈትሕዮ ፈቲንኪ'ዶ ትፈልጢ? ብኸመይ?

መልክዕ በዓልቲ ቤት ንበዓል ቤት እንታይ እዩ፡፡ ብዙሕ ግዜ ወዲ ተባዕታይ፣ ካብ ውሽጣዊ ጽባቐ ጓለንስተይቲ ንደጋዊ ጽባቐኣ ከምዝመርጽ እዩ ዝዝረብ፡፡ ግን ናይ ብሓቂ ከምኡ ዲዩ?

• ስለምንታይ እዩ ወዲ ተባዕታይ፣ በዓልቲ ቤቱ ክትጽብቐሉ ዝደሊ፡፡

• ንበዓልቤት፣ ጽባቐ በዓልቲ ቤቱ ዘጽብርቑ ነገራት እንታይ እዮም? (ሕልናኣ፣ ኩርዓቱ)...

• ሰብኣይን ሰበይትን ብዝዕባ ዘለዎም ኣካላዊ ምስሊ፣ ኑሓድሕዶም ዝጸበዩዎ ነገራት እንታይ እዮም?

• በዓል ቤትኪ ብዛዕባ ትርኢትኪ ክዛረብ ትደልዩ'ዶ? ንርኢዮኡ ሰሚዕኪ ንዘኸደለ ነገራት ከተማልኢ'ዶ'ኸ ምዀጠጠኪ?

ንሕና፣ ሕጂ ከምቲ ዘበርናዮ ኣይኮናን ዘለና፡፡ ጽባሕ'ውን ከምዚ ዘለኛ ኣይክንኸውንን ኢና፡፡ ሎሚ መንእሰያት ደቀንስትዮ እንተለና ጽባሕ ኣዴታት ክንከውን ኢና ናይ ግድን፡፡ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ ከምኡ ኣቦታት ይኾኑ፡፡ ግን መግለጺ ኣደነትናን ኣቦነትናን ኣብ ምንታይ ዝተሰረተ እዩ? ብናይ መን ጽልዋታት ኢና ኑቲ እንሕዞ ባህሪ ንቕርጽ ምፍላጥን ምርዳእን ኣገዳሲ እዩ፡፡ እሞ'ኸ፣

• ዝኾነ ወዲ ተባዕታይ ወላ ንፉዕ ኣቦ ኣይንበሮ "ንፉዕ ኣቦ" ክኸውን ይኽእል'ዶ?

• ኣተሓሕዛ ኣቦ ኣብ ህይወት ደቁ፣ ከመይ ክኸውን ኣለዎ?

• ሞያኛታት ዓውዲ ስድራቤት፣ መጻምድትና ክፍጽምዎ እንጽበዮ ነገራት ኣለዉ፡፡ ንኹሉ ተኽእሎታት ከማሓርዩ ክንሕግዞም ከም ዘለና እዮም ዝመኽሩ፡፡ ንስኺ'ኸ ኣብዚ መዳይ ንበዓል ቤትኪ እንታይ ምገበርክሉ?

በላ እዞን ሕቶታት ካብቲ ብዙሕ ኣብ ወሽጢ ወዲ-ተባዕታይ መጻምድቲ ዝፍልፍሉ ሕቶታት ሓደት ካብ ባሕሪ ብጭልፋ እየን፡፡ ውሑዳት ግን ከኣ መልሲታትን ዓሰርተታት መጻሕፍቲ ክኸውን ዝኽእል ረዚን ነጥብታት፡፡ ብሰፋት ኣንጻሮ ተገዲስና ኣንቢብና ክንምልሰን እንተደኣ ፈቲንና ከኣ ብርግጽ ኣብ ዘለና ዝምድና ብፍላይ ሓዳር ዓቢ ኣስተዋጽኦ ክገብራልና እየን፡፡

***

## ቅድሚ መርዓኻ ዝወደይ...



ወደይ ወዲ ማማ፣ ሎሚ ሰብኣይ ኣኺልካ ኢኻ፡፡ ጽባሕ ሓዳስ ኣደ፣ ሓዳስ ኣማኻሪትን ዓቃቢት ሚስጢርካን ክትመጽካ እያ፡፡ ደጊም ኑዛ ሰብ እዚኣ እትረኽበሉ ግዜ ርሑቕ ኣይክኸውንን እዩ፡፡ ምስ ረኸብካያ'ምበኣር፣ ዋላ ልዕለይ እውን ኣዚኻ ከተፍቅራ ኣለካ፡፡ ብሓፈሻ ቅድሚ ኑዛ ሰብ ናብ ቀላጽምካ ምዕታርካ እስከ ገለ መርሓ ዝኾኑኻ ምኽርታት ክህበካ፡፡

ኣነን ኣቦኻን ዋላ'ኳ ከምዛ እትርእየና ተሳኺናን ተፋቒርናን ንነብር እንተኾንና፣ ኣብ ገለ ገለ እዋን'ሲ እንበኣሰሉን እንገራፈጠሉን ግዜ ብዙሕ ነይሩ እዩ፡፡ ነንጸርጸር ንጭድር፣ ሕርቃንና ሰማይ ይዓርግ፡፡ ሓደ መዓልቲ ክልቴና ስለ ዝተሓራረቕና፣ "ዓሻ" ኢለ ጸረፍኩዎ'ሞ ዘይተጸበዮ ኮይኑዎ ፈዚዙ ቀው ኢሉ ጠመተኒ፡፡ ጸጊሑ ከኣ ብዝተቖራረጸ ድምጺ፣ ከምኡ ኢለ ክጸርፎ ከመይ ኢለ ደፊረ ሓተተኒ፡፡ ኣነ ግን መመለሲ ደኣ ጸርፊ ኣብ ልዕሊ ጸርፍታት ደርቢኩሉ፡፡ ሽዑ እንታይ ከምዝገበረ ኣይትኣምንን ኢኻ፡፡ ዝሃረመኒ ወይ ዘገንዕዖለይ መሲሉካ ምሽ! ንሱስ በል ኢዱ'ውን ወስ ኣየበለለይን፡፡ ኑቲ ማዕጾ ገም ኣቢሉዎ እዩ ሰላሕ ኢሉ ንደገ ወጺኡ፡፡

ዝወደይ፣ ኣቦኻ ኣብቲ ግዜ'ቲ ሃሪሙ ጉድኣት ኣውሪዱለይ ነይሩ እንተዝኸውን ነይሩ፣ ሕጂ ምሳኻ ኣብዚ ኮፍ ኢልና ከዕልልን ክንመኻኸርን ኣይምኸኣልናን ኔርና፡፡ ከመይ ኢልካ'ኸ ኣቦይ ኢልካ ምጸዋዕካዮን ከም ኣቦኻ ምቕጻርካዮን? ዶስ ንዓይ ብሰንኪ ምጽራፈይ ምኳኑ እቲ ሓደጋ ስዒቡኒ እናወቃስካ ብተግባራቱ ምተሓበንካ? ብዘኾነ ንበዓልቲ ቤትካ ፈጺምካ ወስ ክትብላ ከምዘይብልካ እየ ክመኽረካ ደልየ ዝወደይ፡፡ ኣብ ህይወት ክልቴኹም ክንዲ ዘጋጠመ ግርጭት የጋጥም እልይ ኢልካ ክትርሕቕ ጥራይ እዩ ዘለካ፡፡ ጸንሕ ኢሉ እቲ ጉዳይ ናብ ሰላማዊ ህይወቱ እዩ ዝምለሱ፡፡ ንሳ ብሕርቃንን ብምንእኣስን ዘይተጸበኻዮ በደላት ይኹን ጸርፍታትን ዘለፋታትን ምስ እተውርደልካ፣ ኑዛ ዝጥገርኩኻ ዛንታ ጥራይ ዘክራ፡፡

ከይረሳዕኩልካ እንክለኹ'ባ፣ ንሱ ንደገ ምስ ወጸ ብሕማቕ ተግባራተይ ብጣዕሚ እየ ጉህየን ገበን ተሰሚዑንን፡፡ ንምሽቱ ኣብ ሓደ ዓራት ኢና ደቂስና፡፡ ንጽባሒቱ ምስ ተንሳእና ከም መርኣያ መግለጺ እቕሬታይ ብተግባር ዘይገበርኩዎ ጽቡቕ ተግባራትን ኣኽብሮትን ኣይነበረን፡፡ ንሱ'ውን ቀልጢፉ ተረዲኡዎ፣ ናይ ቃላት እቕሬታ ኣይተጸበየን፡፡ ብተግባር እቕረ ይኹንኪ ኢሉኒ፡፡ ብድሕሪ'ዛ መዓልቲ ከኣ ሓንቲ ጸርፊ ንኸየሙሉቕ ዓብዩ ትምህርቲ ኮይናትኒ፡፡ ናይ ብሓቂ ከኣ ኣብታ ዕለት ኣትሒዘ ክሳዕ ሕጂ ንዕኡ ዘኣእሰን ዘናሸውን ጸርፊ ኮነ ዘለፋ ኣውሪደሉ ኣይፈልጥን፡፡

ካልእ ኣብዚ ንላዕሊ ዝዓዘዘ ክትትግብሮ ዘለካ ነገር ኣሎ፡፡ ዝወደይ ጽቡቕ ገይርካ ስምዓኒ፡፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋንን ኩነታትን፣ ብዝተኻእለካ መጠን ንመጻምድትኻ ክትከላኸለላ እዩ ዘለካ፡፡ ኣብ ትሕቲ ጽቕጢን ወጥርን እንተደኣ ሃልያ፣ ኣብ ጎድና ኩን፡፡ ኣዕሩኽ መሓዙትካ እንተደኣ ዘይፈትዩዋ'ውን ንስኻ ኢኻ ንግስትኻ ምኳና ብግብሪ ኣርኢኻ እቲ ሓቂ ከተረድኦም ዘለካ፡፡ ንኣብነት ሓወቦኻ ካብ እንምርዖ ኣትሒዙ ይፈትወኒ ኣይነበረን፡፡ ኣቦኻ ግን ክሳዕ ሓወቦኻ ናብ ልቡ ዝምለስ ብጣዕሚ እዩ ዝሕግዘኒን ዘማኽረንን ነይሩ፡፡

ሓደ መዓልቲ ከዕልለካ፣ ኣቦኻ ንሰለስተ መሳርሕቱ ናብ ገዛ ምሳሕ ዓዲሙዎም ክምስሉ መጹ'ሞ ኣነ ከኣ ኑቲ ካብ ንገህ ኩዳልዎ ዝርፈድኩ ምሳሕ ቀሪበ ክምገቡ ጀመሩ፡፡ እቲ ዝሰራሕኩዎ መግቢ ግን ጨው ኣይነበሮን፡፡ ረሲዕየ ከይኣእተኹሉ ኣውሪደ እየ ቀሪበሎም፡፡ ክምገቡ ምስ ጀምሩ ግን ጨው ከምዘይብሉ እቲ መግቢ ዘኪረ ብጣዕሚ ተጨነቐኩ፡፡ ኣቦኻ ጨው ከምዘይብሉ ምስ ጠዓሞ ከኣ ሰሪቑ ብምጥማት ተመሊሱ ናብኦም ዕዱማት ብምጥማት፣ ከም ዋዛ ኣምሲሉ፣ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ጀሚሩ ኣብ መግቡ ጨው ንኸየእትወሉ ከምዝኣዘዘ ብምግላጽ ከኣ፣ ኩሎም ሰሓቑ'ሞ ጨው ከምጸእ ተዳህየኒ፡፡ ዕዱማት ኢጋይሽ ናብ ገዛኦም ድሕሪ ምኻዶም ከኣ፡፡ ብምሕሳዉ ተምበርኪኹ ምሕረት ክግበረሉ ጸለየ፡፡

ርኢኻ ዝወደይ፣ ንመጻምድትኻ ልክዕ ከም ህጻን ክትርእያ ኣለካ፡፡ ምኽንያቱ እንሓንሳእ እንታይ ትዛረብን እንታይ ትገብርን ስለዘይትፈልጥ፣ ኣብ ክንዳኣ ኣፋ ኬንካ ክትዛረበላን ንዝኸበዳ ዕዮ ክትፍጽመላን ኣለካ፡፡

እንሓንሳእ፣ ህይወት ኣብ ዝኸበደሉ ግዜ፣ ክልተ ስራሕ እናሰራሕኩ ኑኻ ዝሕግዘሉ እዋናት ነይሩ እዩ፡፡ ንሱ ከም ኩሎም ሰብኡት ደገ ወጺኡ ክሰርሕ ባህ ዘይብሎ'ኳ እንተነበረ፣ ሰራሐ ይሕግዞ ምንባረይ ግን ኣገዞ ሕጉስ'ውን እዩ ነይሩ፡፡ ንስኻ ከኣ መጻምድትኻ ደገ ወጺኣ ክትሰርሕ እንተደኣ ትደሊ ኮይና፣ ምስርሓ ምስ ፋይናንሳዊ ሓገዝ ጥራይ ጌርካ ኣይትውሰዶ፡፡ ኣብ ልዕሊ ገዛእ ርእሳ እተምጽኦ ምዕባለን ንቕሓትን እዩ እቲ ዝዓበየ ረብሓኡ፡፡

ዝወደይ! ኣዴኻ ከም እተፍቅርን ኩሉ ጸገማትካ ብዘይሕብእብእ ተካፊለንን ምኳንካ ዝፈልጥ'ኳ እንተኾንኩ፣ ነገራት ግን ካብዚ ሓቂ ዝተፈልዩ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡፡ ንመጻምድትኻ ከኣ ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ይኹን እዚ ጉዳይ'ዚ ቅድመይ ክትነግራ እየ ዝምሕጸነካ፡፡ ንዝኾነ ነገርካ ቅድመይ ክትርእዮ እየ ዝደሊ፡፡ ምስኣ ዝኾነ ጸገማት እንተደኣ ኣጓኒፋኩም ከኣ ሓደራኻ ናባይ ኣይትገዮ፡፡ ንግዜኡ ግልል ኢልካ ብምህዳእ ቀስ ኢልኩም ከም እትፈትሕዎ ግበር፡፡ ኣብ መጠረሽታ ምስ መጻምድትኻ እንተነውሐ ኣብ ወርሒ መጺእኩም ክትርእዩኒ እየ ዝላበወካ፡፡

## ብሉጻት ጥቕስታት ህይወት

. ግዜ ኣብ ህይወትካ መን ከምዝኸንፈካ ይውስን፣ ልቢ'ውን ኣብ ህይወትና ንመን ክንውንን ንደሊ ትውስን፡፡ ባህርና ድማ መን ምሳኻ ክኡበር (ደሰማማዓና) ይኽእል ይውስን፡፡

. እታ ኣብ ጨንፈር ናይ ሓንቲ ገረብ ኮፍ ዝበለት ዑፍ እታ ጨንፈር ከይትሰበር ኣይትፈርሕን እያ፡፡ ምኽንያቱ እምነታ ኣብ መንኩበበ'ምባር ኣብቲ ጨንፈር ኣይኮነን፡፡ ስለዚ ድማ ኢና ኩሉ ግዜ ኣብ ገዛእ ርእስና ክንኣምን ዘለና፡፡

. ሓደ ንፉዕ ሓኪም፣ ኣብ ህይወት እቲ ዝበለጸ መድሃኒት፣ ፍቕርን ሕብሓብን እዩ ኢሉ ይምዕድ ነበረ'ሞ፣ ሓደ ካብቶም ሰማዕቲ "እንተዘይሰረሑ'ኸ?" ክብል ይሓቶ፡፡ እቲ ሓኪም ከኣ ኣልጊቡ ኣብሉ፡፡ "ኣብዚሕካ ወሰድ" በሎ፡፡

. ፍቕሪ ልክዕ ከም ገዛ እያ፡፡ መብራህቲ እንተደኣተበላሽያትካ፣ ተዐርያ ደኣ'ምበር ሓድሽ ገዛ ኣይትዕድግን ኢኻ፡፡

. ኣብ መጠረሽታ ኑዛ ዓለም ብሞት ክንፋነዎ እንክለና፣ ምሳና ሒዝናዮ እንኸይድ እኹ ነገር እንተደኣ ሃሊዩ፣ እቲ ልብና ዝጸሮ ጥራይ እዩ፡፡

. ዝኾነ ሰብ ንኽልተ ምኽንያታት እዩ ዝልወጥ፡፡ ወይ ብዙሕ ተማሂሩ'ሎ ወይ ብዙሕ ግዜ ተሃሰዩ'ሎ፡፡

# ስፖርት

ተስፋኣለም ገብረየሱስ

## ዓንሰባ ሊግ

### ኣልሂላል ናብ መዛዘሚ በጺሓ

ዞባዊ ሊግ ዓንሰባ፡ ብቐደሚ ትማሊ. ረቡዕ 23 ነሓሰ ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ሳሳለ ንስቴላ 2ብ1 ከምኡ ድማ ኣስሙድ ምስ ኣልሂላል 1ብ1 ተፈላልዮም።

ሳሳለ ንስቴላ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ እያ ስዒራታ። ኣብ መበል 20 ደቒቕ ናይቲ ግጥም ዋኢል ዓብደልዓዚዝ ንስቴላ መሪሕነት ኣትሒዙዋ ነይሩ። ቀዳማይ እብረ ኣብ ምዝዛሙ ማዚያስ ገብረየሱስ ንሳሳለ ኣመዓራረያ። ኣብ ካልኣይ እብረ ሳሳለ ኣብ መበል 65 ደቒቕ ካብ መድሃኔ በራኺ ብዘረኸበቶ ሸቶ 2ብ1 ተዓዊታ።

ስዒቡ ዝገጠማ ኣስሙድ ምስ ኣልሂላል 1ብ1 ኣብ ዝተፈላለያሉ ተዛዚሙ። እዮን፡ ጌትቶት ኣንዳርጋ ንኣልሂላል፡ ኤርሚያስ ንኣምን ከኣ ንኣስሙድ ሸቶ ኣመዝጊቦም። በዚ ወጽኢት መሰረት፡ 17 ነጥቢ ዘጥሃለት ኣልሂላል ናብ መዛዘሚ ግጥም በጺሓ ኣላ። ኣስሙድ ድማ ብዘጥሃለቶ 16 ነጥቢ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ውድድራ ፈጺማ።

ዓንሰባ ሊግ ዝመጽእ ረቡዕ ብዮጥም ኣልሂላል ምስ ደንደን ክዛዘም እዩ። ደንደን ብዘጥሃለቶ 19 ነጥቢ ክልተ ዕድል ሒዛ ክትኣቱ እያ። 17 ነጥቢ ዘለዋ ኣልሂላል ክትዕወት ጥራይ’ዩ ዘለዋ።

ብተወሳኺ፡ ንውድድ ኣመዝጊቢ ሸቶ ዓንሰባ ሊግ፡ ክልተ ተጻወትቲ ብማዕረ ብዝሒ ሸቶ ይመርሕዎ ኣለው። ኣፍሰ ወሰናም 8 ሸቶታት ዘለዎም መድሃኔ በራኺ ናይ ሳሳለ፡ ከምኡ ድማ ሮቤል ክብሮም ናይ ሓመልማሎ እዮም።



## ቮሊታ ስጳኛ

ቮልታ ስጳኛ፡ ትማሊ. ሓሙስ ብናይ 204.4 ኪሎ ሜትር ውድድር ቀጺሉ ውዒሉ። ኣብቲ ካብ ቪላ ርያል ናብ ሲግንት ንምብጻሕ ዝተኻየደ ውድድር፡ ፖላዳዊ ቶማስ ማርዚንስኪ ናይ ክለብ ሎቶ ሱዳል፡ ብ4 ሰዓት፡ 47 ደቒቓን 2 ካልኢትን ተዓዊቱሉ። ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ዳይመንሽን ዳታ መርሃዊ ቅዱስ ካብ ዕወት 10 ደቒቓን 36 ካልኢትን ድሒሩ መበል 71 ደረጃ ምኽታዉ ተፈሊጡ።

## ሚኒስትሪ ትምህርቲ ገምጋም ቅነ ተምሃሮ ኣካይዱ

ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ብቐደሚ ትማሊ. ረቡዕ 23 ነሓሰ ገምጋም ናይቲ ካብ 8 ክሳብ 14 ሓምለ ዝተኻየደ ሃገራዊ ቅነ ተምሃሮ ኤርትራ ኣካይዱ።

ኣብቲ ኣብ ሆቴል እምባሶይራ ዝተኻየደ ገምጋም፡ ሚኒስተር ትምህርቲ ኣቶ ሰመረ ርእሶምን ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ኣምባሳደር ዘመደ ተኸለን፡ ሓለፍቲ ጨናፍር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባታትን ኣባይቲ ናይቲ ቅነን ካልኦት ዕድመ ዝተገበረሎም መሻርኽትን ተረኺቦም።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዳይሬክተር ቤት ጽሕፈት ሚኒስተር ኣቶ መሓሪ መንግስትኣብ፡ ንምምሕዳራዊ ጉዳያት ናይቲ ቅነ ኣመልኪቱ ንተሳተፍቲ ሓጺር ገመጋም ኣቕሪቡ። ኣቶ መሓሪ፡ ናይ ለሚ ዓመት ውድድር ብኩሉ መዳዩ ዕወት ከምዝነበረ ብምግላጽ፡ ካብቲ ዝተኻየደ ሃገራዊ ውድድር ብዙሕ ተመኩሮ ተቐሲሙ ከምዘሎን ኣብ 2019 ንዝካየድ ተመሳሳሊ ውድድር ብዝለዓለ መልክዑ ንምካይዱ’ውን ክስርሓሉ ምኻኑ ገሊጹ። ኣብ ቴክኒካዊ መዳይ ናይቲ ውድድር ጸብጻብ ዘቕረበ ድማ መምህር ግርማይ የማነ’ዩ። መምህር ግርማይ ኣብ መግለጺኡ፡ ናይ ለሚ ዓመት ውድድር ኣብ ምፍታሽ ስፖርታዊ ዓቕሚ ዞባታት ንምግምጋም ሓጋዚ. ምንባሩ ገሊጹ። ተሳተፍቲ ብወገኖም ሓጋዚ. ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም። ሚኒስተር ትምህርቲ ኣቶ ሰመረ ርእሶም ኣብ መወዳእታ ኣብ ዘሰመዖ ናይ መዛዘሚ ቃል፡ ሃገራዊ ቅነ ስፖርት ተመሃሮ ኤርትራ 2017 ብኣዝዩ ጽፉፍ ኣገባብ ከምዝተዛዘመ ድሕሪ ምግላጽ፡ ንቐጻሊ ካብቲ ውድድር ብዙሕ ተመኩሮ ተቐሲሙ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ንኸሎም እጃሞም ዘበርከቱ ኣካላት ኣመስጊኑ።

## ሓሙሽተ ክለባት ፕሪመር ሊግ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ

ፕሪመር ሊግ ንፈለማ ግዜኡ ብሓሙሽተ ክለባት ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ክውከል ዕድል ረኺቡ ኣሎ። ቸልሲ፡ ቶተንሃምን ማንቸስተር ሲቲን ኣብ ፕሪመር ሊግ ብዝመዝገብኦ ደረጃታት ብቐጥታ ዝሓለፉ እዮም። ማንቸስተር ዩናይትድ ተዓዋቲት ጸዋእ ዩሮፓ ሊግ ብምኻና፡ ሊቨርፑል ድማ ኣብ ግጥማት ቅድመ ምጽራይ ንሆፈንሃይም ብናይ ክልተ እግሪ ድምር ወጽኢት 6ብ3 ብምስዓራ።

እንግሊዛውያን ክለባት ጸዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ካብ ዘልዕላ ሓሙሽተ ዓመታት ሓሊፉ ኣሎ። እዚ. ድሕሪቲ ቸልሲ. ንባየር ሙኒኽ ብፍጹም ቅላዕ ረቲዓ ዝተወተትሉ ዓመት 2012 ምኻኑ እዩ።

ካብቲ እዋን’ቲ ንደሓር፡ እንግሊዛውያን ክለባት ኣብቲ ዓቢ. ኤውሮጳዊ መድረኽ ተውዳደርቲ ኮይነን ክወጻ ኣይተራእያን። እዘን ሓሙሽተ ክለባት፡ ተሪፉ ንዘሎ ተጻወትቲ ናይ ምስግጋር ግዜ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብኸመይ ተዳልየን ኣለዋ እስከ ንመልከት።

ቸልሲ.

ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ 2016-17 ቸልሲ፡ እታ ንመወዳእታ ግዜ ጸዋእ ጉጅለ ክለባት ኤውሮጳ ዘልዓለት እንግሊዛዊት ጋንታ እያ።

ተመኩሮ ኣሰልጣኒ

ኣንቶንዮ ኮንተ ተጻዋታይ ኣብ ዝነበረሉ ኣብ 1996 ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ዓቲሩ እዩ። ብተወሳኺ፡ ሰለስተ ግዜ ኣብ መዛዘሚ ምብጻሑ ሱዳቱ ይገልጹ። ኮይኑ ግን፡ ከም ኣሰልጣኒ ብፍላይ ቅድሚ ናብ ቸልሲ. ምምጻኡ ኣብዚ. ውድድር ዘመዝገቦ ዓወት የለን።

ዕምቆት ጋንታ

ቸልሲ. ኣብዚ. እዋን’ዚ. ብዕምቆትን ሰፍሕትን ተጻወትቲ ምስ እትረአ ዝገደለት ትመስል። ንኣብነት፡ ንማንያ ማቲች ናብ ማንቸስተር ዩናይትድ ዝሰደደ ኮንተ፡ ንጉዳይ ኣጥቃዓይ ኮስታ እውን ኣይፈትሖን። ኣብ ኤውሮጳዊ መድረኽ ኣመና ኣድላዪ ዝነበረ ተምኩሮ ጆን ቴሪ እውን የለን።

ትጽቢት

ቸልሲ. ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ ብምኻና፡ ምስ ኣቦ ምድብ ዝኾና ክለባት’ያ ትሰራዕ። ብናይ ዩዌፋ ኣሰራርዓ፡ ቸልሲ. ካብ ክለባት እንግሊዝ ቀዳመይቲ’ያ። ብመሰረት ተንተንቲ ዝሀብዎ ዘለዉ ግምት፡ ቸልሲ. ተጻወትታ ካብ መጉዳእቲ እንተደኣ ዓቂባ ክሳብ ግጥማት ፍርቂ ፍጻመ ክትበጽሕ ከም እትኽእል ትግመት።

ዝና ሻምፕዮንስ ሊግ

ቸልሲ. ተዓዋቲት ሻምፕዮንስ ሊግ 2012 እያ። ጋሪ ካሂልን ደቪድ ልዊስን ካብቶም ሽዑ ኣባላት ቸልሲ. ዝነበሩ ኣብ ሕቝፊ ኮንተ ዘለዉ ተጻወትቲ እዮም። ኣልቫሮ ሞራታን ፔድሮን ምስ ሪያል ማድሪድን ባርሰሎናን ኮይኖም ኣደም ኣብ ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘቐመጡ ተጻወትታ እዮም። ቸልሲ. ካብ ክለባት እንግሊዝ እታ ዝበዝሑ ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ዝዓተሩ ተጻወትቲ ዘለውዋ ክለብ እያ።

ቶተንሃም

ቶተንሃም ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዝሓለፈ. ዓመት ስፖርት ካብ ዝተጻወቶ መንገዲ. ብዙሕ ተመኩሮ ከም ዝቐሰመት እዩ ዝንገረላ ዘሎ። ካብ ንኣይል ምባር ጥራይ እያ ኣፋንያ ዛሎ። ደለ ዓሊን ሃሪ ኬንን እቶም ምኩራት ከዋኽብቲ ተጻወትታ እዮም። ኣብ ማእከላይ ሰሙን ኣብ ወምብሊ. ንዘሎ ትጽቢታት ድማ ተመኩሮምሉ ኣለው።

ኣብ ወምብሊ. ዘሎ ተመኩሮ ተጻወትቲ ቶተንሃም ኣመና ዘይክደልዮዎ ይኽእሉ እዮም። እዚ. ዝኾነሉ፡ ኣብቲ ሜዳ ካብ ዘካየድዎ 10 ግጥማት ኣብ ሓንቲ ጥራይ ስለ ዝተዓወቱ’ዩ። ብክለባት ሞናኮ፡ ሰኢስኬ ሞስኮን ገንት (ካብቲ ውድድር ዝኣለዩቶም ጋንታ’ያ)ን ዓሚ ዘጋጠሞም ስዕረት ይዝክርዎ እዮም። ስለዚ. ተጻወትቲ ቶተንሃም ተመኩሮ ሻምፕዮንስ ሊግ ደለቦም ምህላዎም እዩ ዝእመን።

ተመኩሮ ኣሰልጣኒ

ማውሪስዮ ፖቸቲኖ ከም ኣሰልጣኒ ዓሚ’ዩ ንፈለማ ግዜኡ ኣብ ውድድር ሻምፕዮንስ ሊግ ተመኩሩ። ዝነበረሉ ትጽቢት ዓቢ. ምኻኑ ድማ’የም ተንተንቲ ዝገልጹ።

ዕምቆት ጋንታ

ቶተንሃም ኣብዚ. ክረምቲ ሰማ ምስ ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ ተላዒሉ እዩ። ኣብ መስመር ምክልኻል፡ ሳልሳይ ተቐያሪ ሓላው ልዳት ፓውሎ ጋዛኒጋ ንተኻእኻሊይ ኢያስ ዳቪሰን ሳንቸዝን ጸምቢራ ኣላ። ቶተንሃም ዓሚ ሃሪ ኬን ብመጉዳእቲ ኣብ ሰለስተ ናይ ምድብ ጸወታታት ዘይምስላፉ ዋጋ ኣኽፊልዋ እዩ።

ቶተንሃም ኣብ ሳልሳይ ቁረፅ እያ ዘላ። እዚ. ማለት ድማ ኣብ ሓያል ምድብ ክትኣቱ ከም እትኽእል ዝገልጽ እዩ። እዛ ክለብ ኢታዊታታ መታን ከተሰ. ክሳብ ግጥማት ኣውዳቕካ ምሕላፍ ምብጻሕ ግንድ ከገድሳ እዩ።

ዝና ሻምፕዮንስ ሊግ

ቶተንሃም ኣብ ናይ ዓሚ ውድድር ካብ ምድባ ሳልሰይቲ ኮይና እያ ዛዚማ።

ሊቨርፑል

ሊቨርፑል ኣብ ቀዳማይ እብረ ግጥም ኣንጻር ሆፈንሃይም ዘርኣዮቶ ብቕዓት፡ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ካብ ፈለማ እንተደጊማቶ፡ ንዝበረ ደረጃ ክትመልሶ ከም እትኽእል እዩ ዝገልጽ ዘሎ። ግጥማት ዋንጫ ኤውሮጳ ኣብ ኣንፊልድ ፍሉይ እዩ። ከምቲ ኣሰልጣኒ የርገን ክሎፕ፡ ኣብ ኣንፊልድ ክበጽሓ ኣትብህግ ክሉብ የላን ክብል’ዩ ብደገፍቲ ንዘፍጠር ውዕውዕ ሃዋሁ’ቲ ስታድዩም ገሊጽዎ።

ተመኩሮ ኣሰልጣኒ

የርገን ክሎፕ ኣብ መዛዘሚ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ 2013 በጺሑ ነይሩ። ብተወሳኺ፡ ንሊቨርፑል መሪሑ ኣብ 2016 ኣብ መዛዘሚ ግጥም ዩሮፓ ሊግ ኣንጻር ሰቪያ ገጢሙ እዩ።

ዕምቆት ጋንታ

መሓመድ ሳላሕን ኣንዲ ሮበርትሰንን ውጽኢታውያን መወሰኽታ ምኻኖም ደሮ ኣማስኪሮም ኣለው። ክሎፕ ኣብዚ. ዓመት ስፖርት ሳደዮ ማነ ናብ ውድድር ዋንጫ ኣፍሪቃ ስለ ዘይከይድ ቅሱን እዩ። ብጉዳይ ኮቲኖን ግን ገና ኣይተዛዘመን።

ትጽቢት

ሊቨርፑል ብዘለዋ ታሪኽ ደገፍታ ኣብ ዝኾነ ውድድር ዋንጫ ክተልዕል እዩ ትጽቢቶም። ተንተንቲ ግን ሊቨርፑል ክሳብ ግጥማት ርብዒ ፍጻመ ክትበጽሕ ቅቡል ምኻኑ’የም ዝገልጹ።

ዝና ሻምፕዮንስ ሊግ

ወርሻ ሊቨርፑል ኣብ ኤውሮጳዊ ውድድር ፍሉጥ እዩ። እዛ ክለብ ተዓዋቲት ሓሙሽተ ዋናጩ ክለባት ኤውሮጳ እያ። ዳንኤል ስቱሪጅ ኣብ መዛዘሚ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ 2012 ኣብ መንበር ተቐሚጡ ክሉብ ቸልሲ. ኮይኑ ተመኩሩ እዩ። ብተወሳኺ. ሓለቓ ጋንታ ሆንደርሰን ኣብ ግዜ ብረንዳን ሮጀርስ ዝቐሰሞ ተመኩሮ እምፕዮንስ ሊግ ኣለዎ።

ማንቸስተር ሲቲ

ፔፕ ጓርድዮላ ኣብ ሲቲ እግሩ ካብ ዘንበረላ ሰዓት፡ ወሰንቲ ሲቲ ንውድድር ሻምፕዮንስ ሊግ ዝምጥኑ ተጻወትቲ ንምምጻእ ማሕፉዳኦም ከፊቶም እዮም። ማንቸስተር ሲቲ ኣብ ዝሓለፈ. ሓሙሽተ ዓመታት እታ ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ንምዕታር ዝተቓረበት እንግሊዛዊት ጋንታ እያ። ኣብ 2015 -16 ክሳብ ግጥማት ፍርቂ ፍጻመ በጺሓ ነይራ። ወሰንታ ካብዚ. ዝሓሸ ክትከይድ ይደልዩ።

ተመኩሮ ኣሰልጣኒ

ጓርድዮላ ኣብ ባየርሙኒኽ ኮይኑ ንዘሰኣኖ ክብሪ ኣብ እንግሊዝ ምስ ማንቸስተር ሲቲ ክደግሞ ከም ዘይደሊ. እዩ ዝገልጽ። ኣብ 2009 ከም ኡ ድማ ኣብ 2011 ምስ ባርሰሎና ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ነዚ. ውድድር ክልተ ሳዕ ተዓዊቱሉ እዩ። ኣብ ክልቲኡ ኢጋጥሚ ንማንቸስተር ዩናይትድ ምርታዑ ይዝከር።

ዕምቆት ጋንታ

ኣብ መስመር መጥቃዕቲ ማንቸስተር ሲቲ ተኣኪቡ ዘሎ ሓይሊ፡ ብደረጃ ዓለም መዳርግቲ ከም ዘይብሉ እዩ ዝግለጽ ዘሎ። ለሮይ ሳኔ፡ ስተርሊንግ፡ ደብራይን፡ ኣጉዌሮ፡ ጀሱስ፡ ደቪድ ሰልቫን በርናንዶ ሰልቫን ዝርከቡ ብምኻኖም።

ትጽቢት

ሲቲ ኣብ ቁረፅ ቁጽሪ 2 እያ ዘላ። እዚ. ማለት ድማ ምስ ክለባት ሪያል ማድሪድ፡ ባርሰሎና፡ ባየርሙኒኽ ወዘተ… ክትራኸብ ዝለዓለ ተኽእሎ ኣለዋ ማለት እዩ። ብውሑዱ ኣብ መዛዘሚ ግጥም ሻምፕዮንስ ሊግ ክትበጽሕ ትጽቢት ይግበረላ።

ዝና ሻምፕዮንስ ሊግ

ማንቸስተር ሲቲ፡ ቅድሚ ክልተ ዓመት ዝበጽሓቶ መደረኽ ፍርቂ ፍጻመ እቲ ዝለዓለ ደረጃኣ’ዩ። ሰለስተ ካብ ተጻወትታ፡ ያያ ቱረ፡ ክላውድዮ ብራቮን ዳቪድን ጸዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ኣልዒሎም ዝፈልጡ ኣባላታ’ዮም።

ማንቸስተር ዩናይትድ

ሞሪኖ ኣብ ካልኣይ ዓመቱ፡ ዕቱር ክእለት ጋንታታቱ ብዝዮቦኤ ከውጽኦ ከም ዝኽእል ተሰኒዱሉ እዩ። ፖርቶ፡ ቸልሲ፡ ኢንተር ሚላን፡ ሪያል ማድሪድ፡ ዳግማይ ቸልሲ፡ ከምኡ’ውን ሕጂ. ተቖጻጺሮናኦ እዮን። ደገፍቲ ዩናይትድ እቲ ኣብ ውድድር ዩሮፓ ሊግ ዝተራእየ ናህሪ ክቕጽል ደጸበዩዎ እዮም። ብመሰረት ኣብ ቀዳሞት ክልተ ግጥማት ፕሪመር ሊግ ዝተመዝገበ ናይ 4ብ0 ዓወታት፡ ሸቶ ናይ ምምዝጋብ ብቕዓት ሉካኩን ዝተሓደሰ ዝመስል ፖግባን ዩናይትድ ተመሓይሻ ምህላዋ እዮም ተንተንቲ ዝገልጹ።

ተመኩሮ ኣሰልጣኒ

ጓርድዮላ ምናልባት ዘይክሰምምዖሉ ይኽእል’ዩ። ይኹን እምበር ናብ ዓወታት ሻምፕዮንስ ሊግ መጺኡካ ምስ ዝረአ ሞሪኖ ዝሓሸ ተመኩሮ ኣለዎ። ምስ ክለባት ፖርቶን ኢንተር ሚላንን ዘመዝገቦ ዓወት ዘይትጽበ.ታዊ እዩ ነይሩ።

ዕምቆት ጋንታ

ማቲቸን ሉካኩን ውዱኣት መወሰኽታ እዮም። ቪክቶር ሊንደሎፍ ዘለዎ ብቕዓት ከም ዘልዎ እዩ ዝግምገም። ዋላኳ ኣንቶኒ ማርሻልን ራሽፎርድን ዝሓሹ ኣማራጺ. እንተኾኑ፡ ሞሪኖ ግን ብኽንፊ ተወሳኺ. ሓይሊ. ከም ዝደሊ. እዩ ዝገልጽ።

ትጽቢት

ከም ደገፍቲ ሊቨርፑል ደገፍቲ ማንቸስተር እውን ጋንታኦም ንኹሉ ውድድራት ክትዕወተሉ እዮም ዝደልዩ።

ዝና ሻምፕዮንስ ሊግ

ዩናይትድ ሰለስተ ግዜ ነዚ. ውድድር ተዓዊታትሉ እያ። ኣብ 1968፡ ድሪማ 1999 ከምኡ ድማ ኣብ 2008. ኣብ ማንቸስተር ድሕሪ ምኻድ ኢብራሂሞቪችን ሩኒን ክልተ ተጻወትቲ እዮም ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ዓቲሮም ዝፈልጡ። ንሳቶም ከኣ ማይክል ካሪክ ካብ ሞስኮን ማታ ምስ ቸልሲን።



### ቀይሕ ባሕሪን ሰገንን ተዓዊተን

ትማሊ. ሓሙስ ኣብ ዝቐጸለ ግጥማት ዘዋሪት ዋንጫ ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ቀይሕ ባሕሪ ንዕዳጋ ሓሙስ ብሸቶ ናትናኤል ሰመረ 1ብ0 ስዒራታ። ስዒቡ ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ ድማ ሰገን ብሸቶታት ናቐፋ ተኽለን ዓብዱሰላም ዓብደልከሪምን ንገጀረት 2ብ0 ተዓዊታትላ።

ዕጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ወዲቑ

32 ክለባት ናይ 17 ሃገራት፡ ኣብ ሸሞንተ ኻይ ኣርባዕተ ክለባት ዝሓዘ ምድብ ዕጫ ትማሊ. ኣማሲያኡ ወዲቑ። ኣብቲ ኣብ ሞናኮ ዝተኻየደ ስነ ስርዓት ተሳተፍቲ ውድድር ሻምፕዮንስ ሊግ 2017-18 እዘን ዝስዕባ እየን።

ጉጅለ ሀ- በንፊካ፡ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ባዝል፡ ሰኢስኬኤ ሞስኮ፡

ጉጅለ ለ ባየር ሙኒኽ፡ ፓሪስ ሰይንት ጀርመይን፡ ኣንደርለኽት፡ ሴልቲክ፡

ጉጅለ ሐ ቸልሲ፡ ኣትለቲኮ ማድሪድ፡ ሮማ፡ ቋራባግ

ጉጅለ መ ጁቬንቱስ፡ ባርሰሎና፡ ኦሎምፒያኮስ፡ ስፖርቲንግ ሊዝበን

ጉጅለ ሰ ፡ ስፓርታክ ሞስኮ፡ ሰቪያ፡ ሊቨርፑል፡ ማሪቦር፡

ጉጅለ ረ ሻክታር ዶኔትስክ፡ ማንቸስተር ሲቲ፡ ናፖሊ፡ ፌየኖርድ፡

ጉጅለ ሸ ሞናኮ፡ ፖርቶ፡ ፡ በሺክታሽ፡ ላይፕዚግ፡

ጉጅለ ቀ ሪያል ማድሪድ፡ ቦርስያ ዶርትመንድ፡ ቶተንሃም፡ ኣፒዮል ኒኮስያ፡

# ምልክታ

ደሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ
እምነት ኣማኑኤል

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ 4 ኣስመራ

ወ/ሮ ፍረወይኒ መስፍን ሓድጉ፣ ወላዲተይ ወ/ሮ ቀደሰ ተኽለኣብ ቀሪን ብሂወት ከላ፣ ዝገደፈትለይ ለበዋ ናብ ስመይ ይጽደቐለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/9/17 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ኣብ ዘየለወሉ ክውሰን ምዃኑ ንሕብር።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጸዓዘጋ

ገብራይ ክፍለማርያም፣ በዓልቲ ቤተይ ጀመር እምባየ ዘለላ ስለዝሞተት፣ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን22/9/17 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ● ●

BISHA MINING

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company PLC is inviting interested applicants for the following position.

**Engineering Training Specialist**

Number required: 01
Type of Contract: Definite Period (One Year)

**Primary Purpose**

Oversees and Audits systems of the Engineering Training sections, (Mechanical Lifting and HME, Electrical, Boilermaking and lifting), to ensure Engineering artisans related training gaps are addressed. Review and consult if Engineering Training Program meets competencies to support operating targets as set annual training plans and impact business as per the company safety and health policies.

**Essential Functions**

The fundamental duties and functions of the job will entail auditing programs, consulting, counselling, advising and coordinating at the upper level of management to oversee if the existing Engineering Training Program aligns with international standards and is designed to deliver critical skills and expertise to positively impact business.

**Planning**

- Audit, evaluate, prepare plan of action to align BMSC Eng. Training with International standards
- Advise on planning and coordinating Engineering training with end user management & Trainers
- Oversee the development of training modules and align to Standard Operating Procedures (SOP's)
- Consult T&D Engineering Supervisor when ordering training equipment and recruiting external experts
- Suggest new ideas/proposals, as well as encouraging others to improve the T&D Engineering Section

**Implementation**

- Oversee the system alignment of engineering training team plans to business needs; conduct skills gap analysis, program implementation, assessments for certification, effectiveness and efficiency.
- Identify Engineering trainers' skills gaps; update PDPs to develop team to full competency in area of expertise.
- Coordinate with engineering area supervisors to focus training needs for artisans and assist Engineering management to review/create SOPs and achieve/exceed operational targets.
- Oversee high level safety requirements are embedded in training modules and are fulfilled at the work place, including FLRA and proper use of the appropriate PPE. Report any safety issues/incidents.
- Comply with mine's cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed. Ensure all hazards and risks are identified, reported and eliminated.
- Audit/advise on necessary Engineering Training resources (people; equipment; spares/consumables; and facilities) ensuring processing utilization and cost management objectives meet or exceed targets.
- Create necessary TD Engineering training SOPs and train Trainers to develop area SOPs. Proactive interventions for continuous technical competency improvements.
- Audit competencies are achieved thru lesson quality delivery and costs are in line with budget.
- Advise appropriate level of resourcing. (Maximize efficient use of materials, tools, lifting equipment)
- Consult to create systems of engineering/mechanical training activities according to plans, legislation, client needs. Best practices and principles to conform to standards, methods and procedures.
- Carry out routine maintenance and visual inspections within area of responsibility to identify issues.
- Align Engineering training with Mine Maintenance Operating System. Coordinate with upper Engineering Management weekly.
- Audit apprentice program and carry out with incoming Graduate trainees and new grad employees.
- Use practical hand-on logbook documented by international artisans to evaluate and council expats to meaningfully contribute to skills development of their delegates on regular basis.
- Audit existing artisan development program and Graduate Development Program if outcomes are designed to deliver desired skills and impact business positively.

**Reporting & Data Control**

- Review training Reports and matrices; use it to provide recommendations for systems improvement
- Advise on incorporating results from ICAM investigations, safety and procedures, in training modules
- Document all meeting minutes and communicate actions to TD reporting channel.
- Confirm that documents related to Engineering training auditing & evaluations are on TD Z-drive files.
- Report findings from audit and systems' evaluations on regular basis.
- Keep organized data of T&D Eng. staff gap analysis, PDPs and updated progress matrix.

**Managing the team**

- Ensure communication of plans and goals to all involved line managers, trainers and trainees.
- Provide technical support for the Engineering Training team when required.
- Advise and provide training and mentoring to all training team according to international standards (i.e. safety standards, procedures and documentation and regular reporting; both verbal and written).
- Oversee and consult that all Engineering Training personnel and external training contractors, work in accordance with safety rules, relevant laws, regulations, company policies and procedures.
- Promote good interpersonal relationship with and among Engineering trainers and Engineering management teams. Motivate all teams to become "efficient and performance driven".
- Lead team by example to improve current engineering training program systems and achieve/exceed expected competencies for their roles.
- Provide continuous technical advice and leadership. Keep abroad of relevant new technology and updated SOPs.
- Audit training and mentoring in workshop and plant safety/work procedures, technical training modules, tutoring & moderation. Provide program improvement feedback.

**Unique Requirements / Other Information**

- Great team building and coordination skills, Engineering SOPs knowledge in the mine industry
- High Mechanical Engineering technical trades TRAINING knowledge, work according to international standards.

**Profile: Knowledge, Experience and Skills**

**Qualifications:**
- Diploma/Degree in Mechanical/Electrical Engineering
- Certificate in Electrical/Mechanical Engineering Trade preferred
- Trainer/Assessor certification in Engineering fields a plus

**Knowledge and Experience:**
- 10 - 15 years relevant experience in related Engineering Training
- 5 - 10 years supervisory and management roles
- 10 Years electrical/mechanical maintenance experience, installations and fault finding in HME or fixed plant
- Proven knowledge and understanding of Engineering Mechanical Training and Process management systems
- 5 years FIFO expatriate

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate, Excel – Advanced) | |
| Process Plant and HME Electro-Mechanical Engineering maintenance training and environment experience | Assertiveness |
| Attention to detail | Good Interpersonal Relations |
| Analytical skill | Integrity and confidentiality |
| Management and strong organizational skills | Prioritizing skills & multi-skilling |
| Problem solving skill | Ability to work towards strict deadlines |
| Financial Management Skills | Coaching & Team-building skills |
| Strategy Exposure | Discretion |
| Project Management and coordination | Self-motivation |
| Maintenance Management and documentation | Cultural Diversity experience |
| Knowledge of International Standardized training Programs | Professional and respectful |

General Information and other requirements:
- Place of Work: Bisha.
- Salary: As per Company salary scale.

Additional requirement for Nationals:
- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.
- Address: Please mail your applications to;
  - Bisha Mining Share Company,
  - P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea
- Note to Eritrean applicants:
  - Please send a copy of your application to
  - Aliens Employment Permit Affairs,
  - P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea.

## ምልክታ

ወ/ሮ ተኽኣ ገብረኪዳን ሳህሉ ዝተበሃልኩ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ከባቢ ገዛ ባንዳ ጎደና 756 1 ዚፕ 1A766 ፕሎት 14 ፓርሰል ASP00041192 N መለለዩ ገዛ ASD00035079 መለለዩ ቁ.ንብረት 1፡012003 ብስም ነፍ/መድህን ሓጎስ ወልደሩፋኤል ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ናብ ስም ወረስቲ (1) ወ/ሮ ተኽኣ ገብረኪዳን ሳህሉ (2) ወ/ሮ ለተብርሃን ገብረመድህን ገብረሚካኤል ምስ 8 ደቀን (3) ወ/ሮ ደሃብ ከታይ ቡሩሽ ከነመሓላልፎ ስለ ዝደለና ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ውርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ ተኽኣ ገብረኪዳን ሳህሉ

## ምልክታ

ማሕበር ተራድኦ ነጋዶ ስጋ ኣብ ዞባ ማእከል ኣሃዱ ምሕራድ ስጋ በብመዓልቱ ንዝግፈፍ ቀርበት ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ስለ ዝደለየ ኣብዚ መሸጣ ተወዳዲሩ ክዕድግ ዝደሊ ግዱስ ዝዕድገሉ ዋጋ ንንነፍሲ ወከፍ ዓይነትን ደረጃን ቀርበት ብኸምዚ ዝስዕብ ክቕርብ ይዕድም።

ዋጋ ሓደ፦ ቀርበት ከብቲ ቀርበት ምራኽ፣ቀርበት ጤለ-በጊዕ፣ ፈልዩ፣ብስታሪት እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ (10) መዓልቲ ኣብ ቤት ጽሕፈትና ማሕበር ተራድኦ ስጋ ምም/ከባቢ ማእከል ከተማ (ጣባ) ጎደና ዳንድሮ ቁ.ገዛ 29 ከተቕርቡ ትኽእሉ።

ንኣድላይ ሓበሬታ ቁጽሪ ቴለፎን 07247816 ብምድዋል ክትረኽቡና ትኽእሉ።

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒ/ምክልኻል ማእከል ልውውጥ ንሰራዊት/px/ ዝተመጻረየ ማይ ክገዝእ ስለዝደለየ ተጫረትቲ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም፦
- ናይ 2016 ዝተሓደሰ ፍቓድ ናይ ንግዲን ናይ 2016 ግብሪ ዝተኸፈለሉን ሰነድ
- ናይ ዘቕርብዎ ማይ ብቕዓኣቱ ካብ ትካል መዓቀኒ ናይ ብቕዓት ሰርትፊኬት ከቕርቡ።
- ዝድለ ብዝሒ 20,000 ሓባ ናይ 0.6 ሊትሮ ኮይኑ ምርካብ ኣብ ካምፓፓሎ ዝርከብ ቤ/ጽ
- ተጫረትቲ ንመኽበሪ ጨረታ 10,000.00 ናቕፋ ብቾክ CPO የትሕዙ፡ ጨረታ ዕለት 13/09/2017 ሰዓት 10፡00 ተጫረትቲ ወይ ወኪሎም ኣብ ዘለውሉ ኣብ ቤ/ጽ PX ካምፓፓሎ ጎደና ድብድብ ዚፕ 178 ቁ.ገዛ 07 ይኽፈት። ቁ.ቴለፎን 187616-209033
- ምኒ/ምክልኻል/px ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ንጨረታ ብምሉእ ወይ ክፋሉ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ ኢዩ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል/px/

## ምልክታ

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ፥ ጸጸራት ጎደና፥ 185-5 ቁ/ገዛ፥ 27 ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00035852 ዝተመዝገበ ናይ ድኳን ትካለይ ንወ/ሮ ኣሰፋሽ ሃይለ ኣስገዶም ብውህብቶ ስለዝሃብኩዋ፡ ብስም ወሃቢት ዝኽፈል ዕዳ ኣለኒ ወይ ይብጻሓኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቐጺሩ ናብ ስም ውህብቶ ተረካቢ ከምነማሓላልፎ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ቁዱሳን ዳዊት ማና

## ምልክታ

ተስፋዝጊ ተስፋሚክኤል ጉቡሳ ወላዲና በላ/ተስፋሚካኤል ጉቡሳ ብ28/01/1992 ወላዲትና ወ/ሮ ኣብርሃጽየን በራኺ ወልደኣብ ብዕለት 15/03/1999 ስለ ዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ኣብ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ ብዕለት 10/10/1992 ቁ. መዝገብ 2251/92 ከምኡ'ውን ብዕለት 27/06/2000 ቁ/መዝገብ 2360/2000 ውሳኔ ተዋሂቡ ተቃዋሚ ኣይተረኽበን ሕጂ ከኣ ኣመልካቲ እቲ ኣብ ከባቢ ገዛ ባንዳ ጎደና ሃገር ቁ.ገዛ 65 ዝርከብ መንበሪ ገዛ ብኮምሽን ኣባይቲ ግዜያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ቁ.ምስክር 103245 መወከሲ ቁ.108406 ዝፍለጥ ምስ 5 መዋርስቲ የሕዋተይ ስለ ዝተረዳዳእናን ዝተሰማማዕናን ኣብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ተስፋዝጊ ተስፋሚካኤል ጉቡሳ

## ምልክታ

ብስም፥ ታፈነሽ ከያር ዓብደልዓሊም ዝተመዝገበ ቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00035815 ዝኾነ ኣብ ዞባ፥ ማእከል ንኡስ ዞባ፥ ዕዳጋሓሙስ ጎደና፥ሞጎሎ ቁ.ገዛ 37 ዝርከብ ናይ መሸጥን መጸገንን ኤሌትሮኒክስ ትካለይ ንኣቶ ኣስመሮም ጸጋይ ሃይለ ካብ ዕለት 01/01/2017 ክሳብ ዕለት፥ 31/12/2019 ኣካርየዮ ስለዘለኹ ዝቃወም ኣካል ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ወ/ሮ ታፈነሽ ከያር ዓብደልዓሊም

ተስፋኣለም የማን

# ሩስያ ደርማስ ወተሃደራዊ መናውራ ንምክያድ ትዳሎ



ምስ ሃገራት ምዕራብ ብዛዕባ ምስ ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ ድማ ብፍላይ ኣብ ከበድ ምትፍናን ተሸሚማ ዘላ ሩስያ፡ ድሕሪ ምዝዛም ዝሑል ኩናት ዝዓበየ ምዃኑ ዝተዋግረሉ ወተሃደራዊ ልምምድ ንምክያድ ትዳሎ ከም ዘላ ተገሊጹ።

እቲ 'ዛፓድ-17' ዝተሰምየ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ዝመጽእ ወርሒ ኣብ በላሩስን ካለኒንግራድን ዝፍጸም ኮይኑ፡ ብታዕዛብታትን ካልኦት ከበድቲ ኣጽዋራትን ዝተሰነዩ ክሳብ 100 ሽሕ ዝበጽሑ ወተሃደራት ክሳተፉዎ ትጽቢት ከም ዝግበረሉ፡ ምዕራባውያን ሰበ ስልጣናት ተንተንቲን ይሕብሩ። ወተሃደራዊ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ፡ ነቲ ካብ 14 – 20 መስከረም ዝካየድ ወተሃደራዊ ልምምድ ሩስያ፡ ብቐረባ ክከታተሎ ምዃኑ ኣፍሊጡ ኣሎ። እንተኾነ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ተመሳሳሊ ወተሃደራዊ መናውራ ብምክያድ ግብረ-መልሲ ክህቦ ከም ዘይመርጽ ኣፍሊጡ።

ምክትል ፕረዚደንት ኣመሪካ ማይክ ፔንስ ዝሓለፈ ሓምለ ናብ ኢስቶንያ ኣብ ዝበጽሓሉ ግዜ፡ ሩስያ ኣብ በላሩስ ከተካይዶ መደብ ዘላ ደርማስ ወተሃደራዊ መናውራ ንሃገራተ'ቲ ዞባ ዘሻቕል ምዃኑ ድሕሪ ምግላጹ፡ ሃገሩ ስርዓተ-መከላኸሊ ፓትሪዮት ዝበሃል ሚሳይል ኣብ ኢስቶንያ ናይ ምትካል መደብ ክትድፍኣሉ ምዃና ሓቢሩ ነይሩ። እቲ በዓል-ስልጣን ወሲኹ፡ ሩስያ ነቲ ወተሃደራዊ ልምምድ ኣብ እተካይደሉ እዋን፡ ኣመሪካ ተወሰኽቲ ወተሃደራት ናብ ምብራቕ ኤውሮጳ ክትልእኽ ከም እትኽእል ገሊጹ።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ፡ ሩስያ ስውር ምትእትታው ብምግባር ነቲ ወጽኢት ከም ዝጸለወቶ ክትክሰስ ዝጸንሐት ኣመሪካ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ ግዜ ኣብ ልዕሊ'ታ ሃገር ሓደሽ ማዕቀብ ብምጽናዕ ግብረ-መልሲ ከም ዝሃበትሉ ዝርሰዕ ኣይኮነን። ድሕሪ'ቲ ስጉምቲ፡ ሩስያ ምስ ኣመሪካ ዝምድናኣ ንምምሕያሽ ዝበራ ተስፋ ምሉእ ብምሉእ ከም ዝቕህመ ኣፍሊጣ ነይራ። ሩስያ፡ ነቲ ወተሃደራዊ ልምምድ ኣብ ኣርባዕተ ዓመት ከም እተካይዶ'ያ ትገልጽ።

# ቻይና - ዝቐልጠፋ ባቡራት ንዳግማይ ኣገልግሎት ይዳለዋ




ቻይና፡ ብውሽጣዊ ዓቕማ ዝማዕበላተን ኣብ ዓለም ዝቐልጠፋ ምዃነን ዝተዋግረለን ፈጣናት ባቡራት፡ ስርሐን ዳግማይ ክጅምራ ምዃነን ኣፍሊጣ።

ብመሰረት ኣሶሸትድ ፕረስ፡ እተን ኣብ ሰዓት 350 ኪሎ-ሜተር ክሕንበባ ዝኽእላ ናይዚ ዘበን ዝማዕበላ ባቡራት፡ ካብ ዝመጽእ ወርሒ ጀሚረን ኣብቲ ካብ በይጂንግ ናብ ሻንጋይ ዝዘርጋሕ ነዊሕ መስመር ኣገልግሎት ክህባ እየን። እቲ 1,250 ኪሎ-ሜተር ዝሸፍን ናይ ሓደ እግሪ ጉዕዞ፡ ኣርባዕተ ሰዓትን 30 ደቒቕን ጥራይ ክወስደለን ምዃኑ ድማ እቲ ሓበሬታ ወሲኹ ገሊጹ። ቻይና ነተን ፈጣናት ባቡራት ንፈለማ ግዜ ኣብ ነሓሰ 2008 እያ ንኣገልግሎት ኣብቂዓተን። እንተኾነ፡ ኣብ ከባቢ ከተማ ወንዥው ህይወት 40 ሰባት ዝቐዝፈን ካልኦት 191 ዘቑሰለን ሓደጋ ምምዕጋው ምስ ኣጋጠመን፡ ፍጥነተን ኣብ ሰዓት ናብ ትሕቲ 300 ኪሎ-ሜተር ከም ዝኸውን ተገይሩ። ጸኒሐን ድማ ደው ከም ዝበላ ኮይነን።

ቻይና ኣብ ውሽጢ 10 ዓመት ኣፍርያተን ዘላ ፈጣናት ባቡራት፡ 70% ካብተን ብደረጃ ዓለም ዘለዋ ተመሳሰልቲ ባቡራት ከም ዝሽፍናየ ዝግለጽ። እታ ሃገር ነዘን ዘዘናውያን ባቡራት ዝኸውን ንልዕሊ 20 ሽሕ ኪሎ-ሜተር ዝዝርጋሕ ሓዲዳት ኣንጺፉ ከም ዘላ ይሕበር። ክሳብ ዝመጽእ 2020 ኣብ ዘሎ ግዜ ድማ፡ 10 ሽሕ ኪሎ-ሜተር ንውሓት ዘለዎ ተወሳኺ ናይ ባቡር መስመር ንምህናጽ ትሰርሕ ምህላዋ ይግለጽ።

ቻይና ዝ ብደረጃ ዓለም ዝዓበየ ምዃኑ ዝነገረሉ ዘመናዊ መስመር መገዲ ባቡር ንምውዳድ፡ ዛጊት 360 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ኣውፂኣ ከም ዘላ ትሕበር።

# እስራኤል፡ ኣብ ሶርያ ምትእትታው ክትገብር ምዃና ተጠንቀቐ



እስራኤል፡ ጽልዋታት ኢራን ንምግታእ ኣብ ሶርያ ወተሃደራዊ ጣልቃ ንምእታው ተዳልያ ከም ዘላ ኣጠንቀቐት።

እታ ሃገር እዚ መጠንቀቕታ ተሰምዐ ዘሎ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር በንጃሚን ነታንያሁ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ከተማ ሶቺ ምስ ፕረዚደንት ቭላዲሚር ፑቲን ኣብ ዝተራኸበሉ እዩ። ነታንያሁ ኣብ ርክቡ፡ ዝኸውን ንሶርያ ዝምልከት ስምምዕ ሰላም፡ ኢራን ንኹሎም ሓይልታታ ካብታ ሃገር ክትስሕቦም ከም ቅድመ-ኩነት ዘቐምጥ ክኸውን ከም ዘለዎ ኣስሚሩሉ። "ኢራን ንእስራኤል ንምድምሳስ መዓልታዊ ትፈጥሮ ዘላ ወተሃደራዊ ስጉምታት ንሓንቲ ደቒቕ'ውን ትኹን ካብ ኣእምሮና ዝኣለ ኣይኮነን" ዝበለ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር፡ እታ ሃገር ሓይልታታ ካብ ሶርያ ምስ ዘይተውጽእ እስራኤል ኑብሶ ንምክልኻል ክትብል ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክትወስድ ምዃና ኣጠንቀቐ። እዚ ስጉምቲ'ዚ ንምውሳድ ተዳልያ ከም ዘላ ድማ ኣረጋጊኡ።

ንዜናታት የመንን ሊባኖስን ኣብ ትሕቲ ምሉእ ጽልዋኣ ንምእታው ኣብርቲዓ ትሰርሕ ከም ዘላ ዝንገረላ ኢራን፡ "ንፕረዚደንት ባሻር ኣል-ኣሳድ ንምድጋፍ'ዩ፡ ነቲ ሽዱሽተ ዓመት ኣቑጺሩ ዘሎ ኩናት ሓድሕድ ሶርያ ተጸንቢረ" በሃሊት'ያ። እንተኾነ እስራኤል፡ ኣብቲ ዝቐጸለ ዘሎ ኩናት፡ መንግስቲ ሶርያ እንተደኣ ተዓዊቱ፡ ኢራን ምስ ሊባኖሳዊ ሕዝቦላህ ኮይና ብመሬትን ባሕርን ኣብ ወተሃደራዊ ከበባ ከይተእቱዋ ዓቢ ስግኣት ከም ዘለዋ ኣቐዲማ ክትገልጽ ጸኒሓ እያ።

እስራኤል፡ ኣብ ከባቢ'ቲ ኣቐዲማ ገቢጣ ዝሓዘቶ ከበሳታት ጎላን ተደጋጋሚ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ ኢራንን ሕዝቦላህን ትርኢ ከም ዘላ እዚ ከኣ መመለሱ የሻቕላ ምህላዉ'ያ ትሕብር። ነቲ ወተሃደራዊ ምንቅስቓሳት ንምቑጻይ ብዙሓት ዕላማ ኣብ ውሽጢ ልኡላዊ ግዝኣት ሶርያ ተደጋጋሚ ደብዳብ ነፈርቲ ከተካይድ ከም ዝጸንሐት'ውን ይፍለጥ።

ቀንዲ መሻርኽቲ ኢራንን ሶርያን ዝኾኑት ሩስያ፡ ንረብሓታት እስራኤል ኣብቲ ዞባ ኣብ ግምት ኣእትያ ክትሰርሕ ምዃና ካብ ምግላጽ ሓሊፉ፡ ብዛዕባ'ቲ በንጃሚን ነታንያሁ ዘስምዖ መጠንቀቕታ ዝሃበቶ ርእይቶ የለን።

# ኣመሪካዊ ኩባንያ፡ ልዕሊ 400 ሚልዮን ዶላር ክኽሕስ ተበዩኑሉ




ኣመሪካዊ ኩባንያ 'ጆንሰን ኤንድ ጆንሰን'፡ ንህጻናትን ኣደታትን ኢሉ ዘፍርዮ 'ቤቢ ፓውደር' ዝበሃል ቀመማዊ ጫሕታ፡ ኣብ ተጠቀምቲ ሕማም መንሽሮ ናይ ምስዓብ ተኽእሎ ከም ዘለዎ ድሕሪ ምርግጋጹ፡ እቲ ኩባንያ ንሓንቲ ዝኸሰሰቶ ኣመሪካዊት ጉዳይ፡ 417 ሚልዮን ዶላር ክኽሕሳ ተበዩኑሉ።

ብመሰረት ሮይተርስ፡ ጓል 63 ዓመት ኢቫ ኢቸቨሪያ ብሰንኪ'ቲ ፍርያት ናይ ማህጸን መንሽሮ ከም ዝማዕበለት ዘቕረበቶ ክሲ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ብቤት-ፍርዲ ሎስ ኣንጀለስ ሓቅነቱ ስለ ዝተረጋገጸ እዩ እቲ ኩባንያ ክኽሕሳ ተበይኑሉ። ንሱ ነቲ ኣብ ዓበይቲ ንንጽህናን መድሃኒትን ተባሂሉ ኣብ ቴሹቴሽን ካልእ ክፋል ኣካላትን ዝንሰሰ ቀመማዊ ሕሩጭ፡ ካብ ብቑልዓኣ ኣትሒዛ መዓልታዊ ክትጥቀመሉ ከም ዝጸንሐት'ያ ትገልጽ።

ኩባንያ ጆንሰን ኤንድ ጆንሰን፡ ዝሓለፈ ዓመት'ውን ንሓንቲ ፍርያቱ ናይ ማህደረ-እንቋቑሖ መንሽሮ ዘየዓበላ ጓል-ኣንስተይቲ፡ 110.5 ሚልዮን ዶላር ክኽሕስ ብቤት-ፍርዲ ተበዩኑሉ ከም ዝነበረ'ዩ ዝግለጽ። ኣብዚ እዋን ድማ ልዕሊ 4 ሽሕ ደቂ-ኣንስትዮ ኣንጻሩ ዝቐንዐ ተመሳሳሊ ናይ ክሲ ፋይላት ከፊተን ከም ዘለዋ ሮይተርስ ወሲኹ ይሕብር።

እቲ ኩባንያ፡ ፍርያቱ ንሕማም መንሽሮ ዘቃልዕ ቀመማዊ ትሕዝቶ ከም ዘለዎ ዘጠንቅቕ ሓበሬታ ንምምሃሉ ካብ ምሕብ በኹሩ ከም ዝጸንሐ'ዩም ሓያል ወቐሳ ዝወቓሰ። ኩባንያ ጆንሰን ኤንድ ጆንሰን፡ ኣንጻሮ'ቲ ተበዩኑሉ ዘሎ ሰፍ ዘይብል መቕጻዕቲ ይግባይ ክብል ምዃኑ ኣፍሊጡ ኣሎ።

በይቢ ፓውደር፡ ብዘይዳ ኣብ ህጻናት ቁርበቶም ብሸንቲን ካልእን ተበላዕ ንኸይቁሰል ከም መከላኸሊ ከም ዘገልግል ይፍለጥ።

# ኬንያ - መደብ ምንካይ መሃያ ኣባላት ባይቶ ተቓውሞ ይገጥሞ

ዝጠዘሐ ካብቶም ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ዝተመርጹ ሓደስቲ ኣባላት ባይቶ ኬንያ፡ ነቲ ብመንግስቲ ተግባራዊ ኮይኑ ዘሎ - መጠን መሃያኦም ብ15% ክንኪ ዝጠልብ መደብ ፈጺሞም ከም ዘይቅበሉዎ ኣፍሊጦም።




ብመሰረት ቢ.ቢ.ሲ፡ እቶም ሓደስቲ ኣባላት ባይቶ ዝ ዘፍልጡ ዘለው፡ እቲ መደብ ካብ ጽባሕ'ቲ ምርጫ ኬንያ ዝተኻየደሉ 8 ነሓሰ ኣትሒዙ ግብራዊ ኮይኑ ምህላዉ ኣብ ዝግለጸሉ ዘሎ እዋን'ዩ። መንግስቲ ኬንያ፡ እቲ ተወሲዱ ዘሎ መሃያ ሰበ-ስልጣን ናይ ምንካይ ስጉምቲ፡ ኣካል ናይቲ ወጻኢታት ሰራሕተኛታት መንግስቲ ብ35% ንምጉዳል ተሊሙዎ ዘሎ መደብ ከም ዝኾነ'ዩ ዝገልጽ። ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣባላት ባይቶ ኬንያ ገለ ካብቶም ብደረጃ ዓለም ዝለዓለ መጠን መሃያ ዝኽፈሉ ሰበ-ስልጣን እዮም። ብዘይካ'ቲ ዝግበረሎም ካልእ ሓለፋታት፡ ወርሓዊ ዝኽፈሉዎ መሃያ 7,200 ዶላር ይበጽሕ።

እቲ ኣዝዩ ዘገርም ኣብዚ ጉዳይ'ዚ፡ ካልኦት ኬንያውያን ወርሓዊ ዝኽፈሉዎ መሃያ - ብማእከላይ ገምጋም ካብ 150 ዶላር ዝሓልፍ ዘይምዃኑ እዩ።

# ጫድ ምስ ቀጠር ዝነበራ ዝምድና በቲኻ

መንግስቲ ጫድ፡ ኣብ ሃገሩ ዝርከብ ኢምባሲ ቀጠር ክዕጾ ትእዛዝ ከም ዘመሓላለፈ ቢ.ቢ.ሲ ሓቢሩ።

እቲ መንግስቲ ዝ ስጉምቲ ዝወሰደ ዘሎ፡ ቀጠር ብመገዲ ሊብያ ኣቢላ ንጸጥታውን ፖለቲካውን ርግኣት ጫድ ክትዘርግ ትፍትን ከም ዘላ ድሕሪ ምኽሳሱ እዩ። ኣምባሳደር ቀጠር ምስ ኩሎም መሳርሕቱ ካብታ ሃገር ጠቕሊሉ ንኽወጽእ ናይ 10 መዓልቲ ዕድል ድማ ሂቡዎም ኣሎ። ስዑዲ-ዓረብ እትርከበን ኣርባዕተ ሃገራት ዓረብ፡ ምስ ቀጠር ዝነበረን ኩሉ መደያዊ ዝምድና ብ5 ሰነ ድሕሪ ምብታኸን፡ ጫድ'ውን ብዙሕ ከይጸንሐት ኣብታ ሃገር ንዝነበረ ኣምባሳደራ ከም ዝሰሓበቶ ይፍለጥ።

ኣብ መንጎ ቀጠርን ስዑዲ-ዓረብ እትመርሐን ሃገራትን ዓረብን ተፈጢሩ ዘሎ ዓሚቝ ዲፕሎማስያዊ ቅልውላው ንምፍታሕ፡ ኩወይትን ካልኦት ሃገራትን ዘካይዳኦ ዘለዋ ናይ ሽምግልና ጻዕርታት ዛጊት ፋይዳ ከም ዘይተረኽቦ'ዩ ዝግለጽ።